# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.212 | ቀዳም 4 ግንቦት 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ጽውጽዋይን ሓቂን ቁጠባዊ ግሉባውነት




ገጽ 3
ካብ መለሳታት ኣሰራርሓ ስጋ...



ገጽ 4
ጸቕጢ መዘና



ገጽ 6
ትምህርቲ ብትሕተ-ውነ



ገጽ 11
ቅነ-ስፖርት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ተዛዚሙ



## ኣብ ማእከልን ደቡብን ዝተፈላለየ ስልጠናታት ተዋሂቡ



ኣብ ዞባ ማእከል ንሓለፍቲ ትምህርቲ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ድማ ንሓረስቶት ስልጠናታት ተወሃቢ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ኣስመራ ቤት-ጽሕፈት ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ - ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ፡ ን50 ሱፐርቫይዘራት፡ ሓለፍቲ ሱታምሃርና፡ ርእሱመማህራን፡ ሓለፍቲ ጉዳያት ተመሃሮን ኣባላት ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባን፡ ብ26 ሚያዝያ ናይ ምሕደራን መራሕነትን ስልጠና ሂቡ።

ሓላፊ'ቲ ቤት-ጽሕፈት መምህር ቴድሮስ ኣብርሃም፡ እቲ ዕላማ - ዓቕሚ ተሳተፍቲ ክብ ብምባል፡ ኣድማዒ፡ ጽፉፍን ስሉጥን ኣገባብ ስራሕ ንምትእትታው ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ትሕቲ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ ኩይሃን - ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ኣገልግሎት ዝህባ 14 ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ድማ፡ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ንሱ-ሂወታዊ ኣቃውማ ባርናስ ኣፍሪቃን ሜላታት ምክልኻሉን ብዝምልከት - ን120 ሓረስቶት ናይ ክልተ መዓልቲ ስልጠና ሂቡ።

ኣቲ ስልጠና ዝሃበ - ክኢላ ምክልኻል ብቖሊ መንእሰይ ቢንያም ዓንደብርሃን፡ እቲ ባርናስ ኣብ እዋን ደርቂ ንመሸላ፡ ጣፍ፡ ዕፉን ድንሽን ስርናይን ስለዝጥቅዑ፡ ሓረስቶት ግራውቶም ብጥንቃቐ ክከታተሉን ኩሉላታት ክገብሩን፡ ኣብ ወቕቲ ዝናብ ድማ ብቖሊሉ ፍሒሩ ኣብ መሬት ክኣቱ ስለዝኽእል፡ ጠፊኡ ኢሉም ክቕስኑ ከምዘይግባእ ኣተሓሳሰበ።

ግዝያዊት ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ ወ/ሮ ትርሓስ ፍቓዱ፡ ስልጠናቲ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ከባቢኦም ናብ ዘለዉ ሓረስቶት ብጥንቃቐ ከመሓላልፉ ኣዘኻኺራ።

## ጋዜጣዊ መግለጺ
### ጸብጻብ "ሰብኣዊ መሰላት" ኣመሪካ፡ ልሙድ ጠቓነ ኣንጻር ኤርትራ

ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ወጻኢ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ንኤርትራ ብዝምልከት ኣብ ዝዘርገሖ "ጸብጻብ ሰብኣዊ መሰላት 2023" ሕጂ'ውን ካብ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዘይፍለ - ኣሰልኪዩን ግጉዩን ክሲ'ውን ንዊሕ እዋን ኣንጻር ኤርትራ ዝቐጸለ ናይ ጸለመ ክሳታቱ ኣሰፊሩ ኣሎ።

ብኣውራኡን ቅድሚ ዝኣገረን ክሊዓል ዘለዎ ነጥቢ፡ እንተዛልዩ፡ ኣመሪካ፡ ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላትን ምሕደራን ንኻልኦት ክትእዝዝን ክትከስስን ሕጋዊን ሞራላውን ባይታ ኣለዋ ድዩ? ዝብል እዩ። ዝበዝሕ እዋን፡ እዚ ዝሰለየን ርዙት ዝኸይሉ'ን ዓመታዊ ጸብጻብ'ዚ ብብዙሓት ሃገራት ዕቱብ ምላሽ ከይተዋህቦ ዝሕለፍ በዚ ምኽንያት'ዚ እዩ። ኤርትራ እውን፡ ብዝመሳሰል ምኽንያት ኣብ ዝሓለፉ እዋናት፡ ዕቱብ ኣቓልቦ ክትህቦ ኣይመረጸትን።

ይኹን'ምበር፡ በዮሚኡ ገለ መዘኻኸሪ ነጥብታት ምሃብ ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ኣመሪካ - ንትሕዝቶ፡ ኣገባብን ትረኻን ናይ'ዚ ጸብጻብ'ዚ፡ ከምኡ ድማ ንተወራረሰን ገሊሕን ሸርሕታቱ፡ ምሉእ ብምሉእ ይጽንጽን።

ትሕዝቶ ናይ'ዚ ጸብጻብ'ዚ፡ ካብ'ቲ ቅድሚ ሕጂ ኣንጻር ኤርትራ ክነዝሕ ዝጸንሐ ጸለመ ዘይፍለን ሓድሽ ነገር ዘይብሉን እዩ። እንተኾነ፡ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ብወያነ ዝተወልዐ ኩናት (War of Insurrection) ኣብ ግምት ብምእታው፡ እቲ ጸብጻብ ዘጽርዮ እንተዛልዩ - ሕጂ እውን ኣመሪካ እቲ ንዓኣ ዝገድሳ፡ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ወይ ኣብ ሕጊ ዝሰረተ ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ከምዘይኮነ እዩ።

ልክዕ ከም'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዕቑዳት፡ ምምሕዳራት ኣመሪካ ዝዛይስር ሃገራዊ መሰላት ኤርትራ፡ ብጅኦስትራተጂያዊ ረብሓታቶም ተደሪኖም ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእተውዎ፡ ምምሕዳር ባይደን እውን፡ ብዋጋ ነባሪ ሰላምን ርግኣትን ዕቱብ ምትሕግጋዝን ናይ'ዚ ዞባ'ዚ እዩ - ንዕላማታት ኣመሪካ ከተግብር ዝጽዕት ዘሎ።

ስለ'ዚ፡ እቲ ጸብጻብ ሕጂ'ውን ኑቲ ቅንዕና ዘይብሉ ኣካይዳ ንጉድኒ ሓዲግኩ ኑቲ ዓበላሉ፡ መስመሩ ዝሰሓተን ዘይምኽኑይን ፖሊሲታት ኣመሪካ ኣንጻር ኤርትራ ጥራይ ዘንጸባርቕ እዩ።

**ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሕ/መ/ኣመሪካ**
**2 ግንቦት 2024**

## ኤርትራ፡ ቅርዓት ሃይማኖታዊ ስኒት

ጾም ሮመዳንን ጾመ ኣርብዓን ዝተጋጠሙሉ ኣዋርሕ ኣሕሊፍና፡ ዒድ ኣልፈጥር ብድምቀት ኣኽቢርና፡ እንቋዕ ንበርሃ ትንሳኤ ኣብቅዓና። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ወሸጢን ወጻኢን "ርሑስ በዓል!" እናበለ ንሓደ ካብ ክብርታት ህዝቢ ኤርትራ ከጉልሕ ይደሊ።

ዘለናዮ መዋእል፡ ብስም ሃይማኖት ዝፍጸም ሸበራን በደልን ፅንወትን ዝገርገረሉ፣ ንሃይማኖት መሳለጥያ ፖለቲካዊ ዛዕባ ገይርካ ምርኻስ ዝኸሓሉ'ዩ። ክንዲ ዝኾነ ንቕሉዕ መረዳእታ፡ ኣፈናዊ መብርሂ ምሃብ ኣጉዳሲ'ዩ።

ክርስትና ኣብ ምድሪ-ኤርትራ ኣብ 329 ዓ.ም. እዩ ኣትዩ። ምስልምና'ውን ነቢይ መሓመድ ብህይወቶም እንከለዉ (570-632 ዓ.ም.)፡ "ሱሓብ" ንመሬት ሓበሻ ከዕቁቡ ምስ መጽኡ ዝኣተወ'ዩ። ናይ ሽዑ ባሕሪ ነገስታት ኑዩም ዘዕቁቡዎም "ሱሓብ" ክረኽብዎም ምስ ተሓተቱ፡ ኣሕሊፎም ኣይሃቡዎምን። ካብቲ ዘመን'ቲ ጀሚረን እምነታት ክርስትናን ምስልምናን ኣብ ኤርትራ ብሰላትን ብሓቦርን ነበራ። በዚ ድማ፡ ሃይማኖታዊ ስኒት! ሓደ ካብ ገሉሕ ክብርታት ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ፡ ኣብ ባህሊ ሕብረተሰብ ተኣሊሙ፡ ሕላገት ሰልጣኒ ወለዶታት ኮይኑ ሰሪቱ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ወራሲ ናይ'ዚ ጭዋ ስርዓት-ክብሪ'ዚ ምኻኑ ዕድለኛ'ዩ። ብእምነትን ባህልን ስልጡን ምንብርን ቀዳሞት ወለዱ እምብዛ ሕቡን'ዩ። ሳላ'ዚ ክብሪ'ዚ፡ ኣብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን ሃገራዊ ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ንምምማዕ ዝተሃቀነ ሃይማኖታዊ ጸወታ ኣይሰርሐን። ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ እውን ብተመሳሳሊ።

ሎሚ፡ ንሕብረተሰብ ብእምነት ምፍልላይን ምንቋትን ዝዕላማኡ ፖለቲካዊ ዛዕባ ዝተሓንገጡ 'ሃዋርያ' ያኢ፡ "ፍሉይ መጻሓፍቲ ኣሎና"፣ "ጎይታ ናባኹም ልኢኹና"፣ "ቃል ኣምላኽ ከሰምዓኩም፣ "ካብ ሓጥያት ከጽርየኩም"፣ "ካብ ሕማም ክንፍውሰኩም"፣ "ቲኬት ሰማያት ክንቖርጸልኩም" ወዘተ እናበሉ ብኣእምሮ ሰባት ኣብ ዝላግጹሉ ዘለዉ እዋን፡ ብመበቆላዊ እምነቱን ባህሉን መንነቱን ሕቡን ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓደሽ መንነት ስለዘየድልዮ፡ ኣብ ምስልምና ይኹን ክርስትና፡ "ልዙብ" ይኹን "ጥኑፍ" ሰበኻት፡ ኣብ ልዕሊ በሪክ ሃይማኖታዊ ንቕሓቱን ፖለቲካዊ ተሞኩሮኡን መደረ ክሰምድ ኣይክእልን።

ጆሞ ኬንያታ፡ ብዛዕባ ኣመጻጽኣ መግዛእቲ ኣብ ኣፍሪቃ ዝሃቦ ስእላዊ መግለጺ፡ ኣብ ታሪኽ ተደጋጊሙ ይጥቀስ'ዩ። *"ሚስዮናውያን ፈለማ ክመጽኡና ከለዉ ንሕና መሬት ነይሩና፡ ንሶም መጽሓፍ ቅዱስ ነይሩዎም። ዓይንና ዓሚትና ከመይ ገይርና ከም እንጽሊ ምሂሮሙና። ዓይንና ምስ ከፈትና ግን ንሶም መሬትና ሒዞሞ፡ ንሕና ድማ መጽሓፍ ቅዱስ ሒዝና ተሪፍና።"*

ንዂኡ ኤውሮጳ ጊጋታት ኣፍሪቃ ንምምንዛዕ ኣብ ዘንቀደሉ፡ ግዝኣቶም ንምርጋእ ሃይማኖታዊ ሰበኻት ብኣድማዕነት ከም ዝተጠቐምሉ ንምግላጽ እኹል'ዩ። ድሕሪ ምዝርዛር መግዛእቲ'ውን እንተኾነ ምዝመዛ ንምውሓስ፡ ሓደስቲ እምነታት ብምጭምጋሕ መበቆላዊ ባህልን እምነትን ህዝብታት ምዕናው ብመደብ ተሰሪሑሉ'ዩ። ሰብ ፍሉይ ረብሓ ምዕራባውያን፡ ዕብለላ ውሑዳን ንምውሓስ፡ ባህልን ክብርታትን ጉዱእ ህዝቦም'ውን ኣይንሓፉዎምን። ሎሚ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ብስም ውልቃዊ መሰል፡ ምትብባዕ መርዓ ሓደ-ጾታን ግብረሰዶምን ሱታምባር ዓንዩ ስድራቤታዊ ጥምረት ፈሪሱ፡ መጠን ወሊድ ሓያሎ ሃገራት ትሕቲ 1% ወሪዱ ይርከብ።

እዚ ስልጣነ መሰሉ ዝመጽኣ ባህላዊ ውድቀት፡ ምስ ግዜ ሰግኣት ምፍጣሩ ኣይተረፈን። ምዕራባዊ ዓለም ባህሉ ኣጥፊኡ፡ ካልኦት ሕብረተሰባት ባህሎም እንተዓቀቡ፡ ዝጸንሐ ዕብለላ ኩበቕዕ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብየብኡ'ውን ንህላወኡ ሓደጋ'ዩ። ከመይሲ፡ ዓለም ኩሉ ሳዕ ናይ ጥሙራትን ባህሎም ዝዕቀቡን'ያ። በዚ ድማ'ዩ "ሓደ ንኹን" ብዝዓይነቱ ቅብጻት፡ ብጉልቡብ ሰብኣዊ መሰል መበቆላዊ ባህልን እምነትን ካልኦት ሕብረተሰባት ንምፍራስ፡ ብረድኤትን ፋይናንስያዊ እገዛን ምፍርራሕ እናተገብረ፡ ሃገራት ዘይብህለን ክርዕማ ሓያል ጸቕጢ ዝግበር ዘሎ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነት፡ ምዕቃብ ባህልን መንነትን ዓቢ ብደሆ'ዩ። ምኽንያቱ ሕብረተሰብ ብቐጠባ ማዕበሉ ኩበቕዕ ባህሉን መንነቱን እንተድኣ ኣጥፊኡ ንጥፍኣቱ'ዩ። ዝሓቀ'ዚ ብምግንዛብ እምበኣር፡ ኩሉም ኣህዛብ፡ ብሕልፊ ከኣ መንእሰያት፡ ኑቲ ብስም ሰብኣዊ መሰልን ካልእ ንእዝዚ ዝምቅር ቃላትን ብቐጥታ ኮነ ብዘተኸፈሉ ሃሱሳት ዝዝርግሕ ጨለንት ክቕሕሉ፣ መበቆላዊ ባህሊ፡ እምነትን ክብርታትን ምዕቃብ ድማ ዓቢ ትኹረት ክህብዎ ዝግብኦ'ዩ።

**ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ**

# ሓሳባት

## ጽውጽዋይን ሓቒን ቁጠባዊ ግሎባውነት

(መበል 21 ክፋል)
ክብሮም ገብረኣብ
ማእከል ምርምርን ሰነድን

እዚ "ጽውጽዋይን ሓቒን ቁጠባዊ ግሎባውነት" ብዝብል ኣርእስቲ ብተኸታታሊ እነቕርበልኩም ዘሎ ጽሑፍ፡ 'ባድ ሳማሪታንስ' (BAD SAMARITANS – The guilty secrets of rich nations & the threat to global proposperity- Ha-Joon Chang - 2007) ካብ ዝርእስቱ መጽሓፍ ዝተተርጎመ እዩ።

መጠኑ ዝሓለፈ ፋይናንሳዊ ጥንቃቐ ይኽኣል ደዩ?

ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ቅልውላው ሚዛን ባጤራ ኣብ ዝጋጥመን፡ ምስ ኣህጉራዊ ማሕበር ገንዘብ ናይ ልቓሕ ውዕል ክኸታማ ይግደዳ። ይኹን'ምበር፡ ኣህጉራዊ ማሕበር ገንዘብ (IMF) ናይ ባዕሉ እኹል ገንዘብ ስለ ዘይብሉ፡ እቲ ዘለቅሖ ዝበሃል ገንዘብ ንእሽቶ ክፋል ናይቲ ጸውጸዋይ እዩ። እቲ ዝየዳ ዘገድስ እቲ ዝኽተም ውዕል ኮይኑ፡ ተለቃሒት ሃገር ሓሻሺ ኣገባብ ሓዴጋ ኣብ መጻኢ ዕዳኣ ክትከፍለሉ እትኽእል ጽቡቕ ፖሊሲታት ምቕባላ ዘረጋግጽ ውሕስነት ገዲርካ እዩ ዝውሰድ። ተለቃሒት ሃገር ዚ ውዕል ምስ እትኽትም ጥራይ እዩ እቲ ኣለቃሒቲ ማለት፡ ዓለማዊ ባንክ፡ ሃብታማት ሃገራት ከምኡ'ውን ብሕታውያን ኣለቃሕቲ ትካላት ዝህብዎ ፋይናንሳዊ ቀረብ ክቐጽል ዝኽእል። ኣብ ዝቐደመ ክፋላት ከም ዝርኣናዮ፡ ምስ ኣይኤምኤፍ ዝኽተም ውዕል፡ ካብ ንግዳዊ ምንቅስቓስ ክሳብ ምቕባል ሕግታት ሓያሳቲ ኩባንያታት ዝሸፍድ ሰፋሕትን እናሰፍሐ ዝኸዱ ቅድመኩነታት ቁጠባዊ ፖሊሲታት ክቕበላ ከም ዝለዉን ዘገድድ ኮይኑ፡ እቲ ብኣይኤምኤፍ ብዝዕባ ማክሮ-ፖሊሲ ዝቐርብ ጠለብ ቀንድን ኣገዳሲን ዝፍርሕን ቅድመኩነት እዩ።

እኩያት ሳምራውያን፡ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ገንዘባዊ ኣደብ ኣገዳሲ ከም ዘይኮነን እዮም ዝዛረቡ። ብዘይካ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ብዙሓትን ናይ ምዃን ኣደብ ከም ዘይብለን ብምውካሕ፡ ኣብ ጸጸባሕ ገንዘብ ዝዓትማን ዝልቅሓንየን ክብሉ ይነቕፍወን። እዚም ምህራት ጽንዑ መምርሒታት ኣይኤምኤፍ ማክሮ-ቁጠባዊ ርግኣትን ዕቤትን እዘን ሃገራት ኣብ ምርግጋጽ ኣገዳሲ ወኒ ምኻኑ እዮም ዝኣምኑ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ዘሕዝን ወጽኢት ናይቶም ብኣይኤምኤፍ ዝተኣታተዉ ማክሮ-ቁጠባዊ ፖሊሲታት ፍጹም ኣንጻራዊ እዩ።

ሓደስቲ-ለበራውያን ዝቕባ ቀዳማይ ናይ ህዝቢ ጸላኢ ምዃኑ እዮም ዝኣምኑ። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ሮናልድ ሬገን ብዝጸርር ቃላት፡ 'ዝቕባ ከም ኮታሪ ዓማጺ፡ ኣርዑዲ ዕጡቕ ሰራቒ፡ ቀንጻሊ ቀዛፊን' ክብል ገሊጽዎ። ሓደስቲ-ለበራውያን ዝተሓተ መጠን ዝቕባ ተመራጺ ምዃኑ ይኣምኑ፡ ብደረጃ ኣምር፡ ዜሮ መጠን ዝቕባ ይደልዩ። ካብ 1994-2001 ሓላፊ ኣይኤምኤፍ ዝነበረ ክኢላ ቁጠባ ስታንሊ ፊሸር ክብጽሖ ዘሎዎ ቅቡል መጠን ዝቕባ ካብ 1-3% ክኸውን ከም ዘለዎ ይገልጽ።

ስለምንታይ'ዩ ግን ዝቕባ ኣገዳሲ ጉዳይ ተባሂሉ ዝወሰድ? ሓደስቲ-ለበራውያን 'ዝቕባ ህዝቢ ብዕዳጋ ዝኣቶ እቶት ብዘይቅዋዕ ኣገባብ ዝዘምት ስላሕታዊ ግብሪ'ዩ' ዝብል እምነት ኣለዎም። ቀንዲ ተጣባቒ ባጤራውነት ሚልተን ፍሪድማን፡ 'ዝቕባ ብዘይ ስርዓተ ሕጊ ብጾዴታ ዝተኣታቶ ካብ ዓይነታት ግብሪ ምዃኑ ይምጉት። ብምኽንያት ዝቕባ ዝስዕብ ዘይሕጋውነት 'ዝቕባ ቀረጽ' ከምኡ'ውን 'ዝርግሐ ፍትሒ-ኣልቦነት' መፈለምታ ናይቲ ጸገም እዩ።

ብዘይካዚ ሓደስቲ-ለበራውያን ዝቕባ ቁጠባዊ ዕቤት ዝኸድእ ምዃኑ እዮም ዝዛረቡ። ዝበዝሑ ሓደስቲ-ለበራውያን ትሑት መጠን ዝቕባ ዘለዋ ሃገር መጠን ቁጠባዊ ዕቤታ ዝለዓለ እዩ ዝብል እምነት ኣለዎም። ወፍሪ መሰረት ቁጠባዊ ዕቤት እዩ፡ ኣወፈርቲ ኩነታት ዘየርግጸኛት ክርእዩ ኣይደልዩን፡ ቁጠባ ርግእን ተመሳሳሊ ዋጋ ዘለዎን ክኸውን ኣለዎ፡ ስለዚ'ውን ትሑት ዝቕባ ቅድመኩነት ወፍርን ቁጠባዊ ዕቤትን እዩ ዝብል ሱሩ ዝሰደደ እምነት ኣሎ። ኣብ 1980ታት ኣብ ሃገራት ላቲን ኣመሪካ፡ ማለት ኣርጀንቲና፡ ቦሊቭያ፡ ብራዚል፡ ኒካራጓን ፔሩን ዝተራእየ ዝኸፍ ዕንወት ዘየብ ልዑል መጠን ዝቕባን ውድቀት ቁጠባዊ ዕቤትን ናይዚ ሱሩ ሰዲዱ ዘሎ እምነት ጭብጢ ኣብነት እዩ።




ትሑት መጠን ዝቕባ ብኽልተ ወሰንቲ ረቋሒታት ክብጽሕ ከም ዝኽእል ይኣምኑ። ቀዳማይ፡ ባጤራዊ ኣደብ ክህሉ ኣለዎ፡ ማእከላይ ባንኪ ዝዓለዎ ቀረብ ገንዘብ ልዕሊ'ቲ ንቑጠባዊ ዕቤት ዝጠልቦ ተደላዪ መጠን ክየቢ የብሉን። ካልኣይ፡ ፋይናንሳዊ ጥንቃቐ ክህሉ ኣለዎ፡ መንግስቲ ክፍሊ ጸጋታቱ ክዕቢ ቅቡል ኣይኮነን።

ባጤራዊ ኣደብ ኣብ ምዕዋት ከምኡ'ውን ቀረብ ገንዘብ ኣብ ምቁጽጻር፡ ዕላማ ማእከላይ ባንኪ ርግኣት ዋጋታት ንምፍጣር ዝዕቀብ ክኸውን ኣለዎ። ነወዚላንድ ዚ ሓሳብ'ዚ ብምቕባል፡ ኣብ 1980ታት ደሞዝ ሓላፊ ማእከላይ ባንኪ ብመንጽር መጠን ዝቕባ ከም ዝውሰን ብምግባር፡ ዝቕባ ንምቁጽጻር ዝሀልዎ ውልቃዊ ተገዳስነት ከም ዝዓቢ ገይራ። ማእከላይ ባንኪ ኣብ ናፍሲ ወከፍ ዝዕደድ ሃገራዊ ምርጫ ብዘወርዶ ፖለቲካዊ ጸቕጢ ዕላማታቱ ክቕይር ከም ዝግደድ ፊሸር ስታንሊ ይገልጽ። ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ከይቕሰት ክንከላኸለሉ እንኽእል ዝበለጸ ኣገባብ፡ ማእከላይ ባንኪ ካብቶም ቁጠባ እንታይ ማለት ምዃኑ ዘየርድኡን ድኑት ፍልጠት ዘለዎም ፖለቲከኛታትን ብምድሓኑ፡ ፖለቲካዊ ናጽነት ከም ዝህልዎ ምግባር እዩ። እዚ እምነት'ዚ ሓደ ካብ ጽኑዕ መትከላት ናጽነት ማእከላይ ባንኪ ኮይኑ፡ ኣይኤምኤፍ ልቓሕ ኣብ ምሃብ ከም ቅድመኩነት የቕርቦ፡ ንኣብነት ደሕረ-ቲ ኮርያ ኣብ 1997 ዘጋጠማ ናይ ባጤራ ቅልውላው፡ ኣይኤምኤፍ ምስታ ሃገር በዚ ቅድመኩነት'ዚ ዝተደረኸ ስምምዕ ኣካይዱ።

ብዘይካ ባጤራዊ ኣደብ፡ ሓደ ካብቲ ሓደስቲ-ለበራውያን ካብ ቀደም ኣትኩሮም ዘተኮሩሉ ኣጉዳሲ ረቋሒ መንግስታዊ ጥንቃቐ እዩ። መንግስቲ ብዘለዎ ጸጋታት ክሰርር ተዘይክኢሉ፡ ቁጠባ እታ ሃገር ክጽሮ ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ዝሰዕብ ልዑል ጠለብን ባጀታዊ ሕጽረትን ዝቕባ ክፈጥር ባህርያዊ እዩ። ድሕሪ'ቲ ኣብ መወዳእታ 1990ታትን ፈለማ 2000ን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዘጋጠመ ማሕበራዊ ፋይናንሳዊ ቅልውላው፡ መንግስታት ልዕሊ ጸጋታቶም ከሰብሩ ከም ዘይኽእሉ ዝተማህርሉ ተርእዮ እዩ። ካብ መንግስቲ ንላዕሊ ትካላት ብሕታዊ ጸላትን ኣህለኽትን እዮም ነቲ ኩነታት ክብደሀዎ ዝኽእሉ፡ ከም ወጽኢቱ ዕቱብ ቁጽጽር ባንክታትን ፋይናንሳዊ ትካላትን ምኽያድ ዝብል ዝየዳ ኣተኩሮ ክውሃቦ ጀሚሩ።

ሓደ ካብቲ ሰፊሕ ተቐባልነት ዘለዎ ሓብራዊ ቁጠባዊ መረዳእታ ዘመንና ዝቕባ ዕንቅፋት ዕቤት'ዩ ዝብል እዩ። እሺ ከ እዚ ኣሰዪቡ ዘቕርበልኩም ሓበሬታ ብጥንቃቐ ተዓዘቡ።

ኣብ 1960ታትን 1970ታትን ዓመታዊ ማእከላይ ገምጋም ዝቕባ ብራዚል 42% ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ኣብዘን ክልተ ዕቑዳት፡ ዓመታዊ እቶት እታ ሃገር ናይ 4.5% ዕቤት የርኢ ነይሩ። ብኣንጻሩ፡ ኣብቲ ሓደሽ-ለበራዊ ኣተሓሳስባ ብፍላይ ደማ ቁጠባዊ ማክሮ-ፖሊሲ ዝተቐበለትሉ፡ ካብ 1996 ክሳብ 2005 መጠን ማእከላይ ገምጋም ዝቕባኣ ዓመታዊ ትሕቲ 7.1% ኣብ ዝበረሉ፡ ዓመታዊ እቶታ ብ1.3 ጥራይ እዩ ዝዓቢ ነይሩ።

ኣብ 1980ታትን 1990ታትን ልዑል መጠን ዝቕባን ትሑት መጠን ዕቤትን ጎደኒ ጎደኒ ይኸዱ ምንባርም ኩነታት ብራዚል ኣጸቢቑ ከቕምጦም እንተዘይክኢሉ፡ ኣብቲ 'ዓመተ-ተኣምራት' ተባሂሉ ዝፍለጥ ዓመታት ማለት ቁጠባ ኮርያ ዓመታዊ ብ7% ዝዓብየሉ ዝነበረ፡ ናብ ከባቢ 20% ማለት ኣብ 1960ታት 17.4% ከምኡ'ውን ኣብ 1970ታት 19.8% ዝጸሐ መጠን ዝቕባ ደኣ'ኸ እንታይ ክትብልዎ ኢኹም? እዚ መጠን ካብ ናይ ዝበዝሓ ሃገራት ደቡብ ኣመሪካ ዝዓቢ፡ ጥንቁቕ ባህርያት ምብራቕ እስያውያን ዝመልከት ባህላዊ ክሊሸ (cultural stereotype) እዩ። ኣብ 60ታት ኮርያ ካብ ናይ 5 ሃገራት ላቲን ኣመሪካ ማለት ቬንዙዌላ፡ ቦሊቭያ፡ ኮሎምብያ፡ ሜክሲኮን ፔሩን ኣገዳሲ ዝለዓለ ካብ ናይታ 'መሰገርገሪት ጎረ' ተባሂላ እትፍለጥ ኣርጀንቲና ደማ ብዙሕ ዘይትሕት መጠን ዝቕባ ነይሩዋ። ሕጂ'ኸ ቁጠባዊ ዓወትን ዝቕባን ተገራጨውቲ እዮም ዝብል እምነት ደዩ ዘለኩም?

ኣብ መንጎ'ቲ ልዑል መጠን ዝቕባ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣለዎ ዝብልን ትሑት መጠን ዝቕባ ክህሉ ዝለዓዩ ዝብል ሱመክንን ግቡእ ፍልልይ ምህላው ክንፈልጥ ንኽእል ኢና። ተመኩሮ ብራዚልን ኮርያን ነቲ ስታንሊ ፊሸርን ብዙሓት ሓደስቲ-ለበራውያንን ጸቡቕ ቁጠባዊ ዕቤት ክህሉ መጠን ዝቕባ ካብ 1-3% ክኸውን ኣለዎ ዝብልዎ ሱመክንት ቅኑዕ ዘይምዃኑ ዘርኢ እዩ። ብርግጽ፡ ብዙሓት ሓደስቲ-ለበራውያን ትህቲ 10% መጠን ዝቕባ ኣብ ቁጠባዊ ዕቤት ዝኸኣ ኣሉታዊ ጽልዋ ከም ዘይብሉ እዮም ዝኣምኑ። ሚይክል ብሩኖ ከምኡ'ውን ዊልያም ኢስተርሊ ዝተባህሉ ክኢላታት ቁጠባ ዓለማዊ ባንኪ፡ ትሕቲ 14% መጠን ዝቕባ ምስ ቁጠባዊ ዕቤት ሓንቲ ሃገር ዝኾነ ምትእስሳር ከም ዘይብሉ እዮም ዝማጉቱ። ኣብ ገለ እዋን፡ ብልዑል መጠን ቁጠባዊ ዕቤት ዝተሰነየ ትሕቲ 20% ልዑል መጠን ዝቕባ ምንባሩ እዮም ዝኣምኑ።

ልዑል መጠን ዝቕባ ጉዳኢ እዩ፡ ክሳብ 40% ዝበጽሐ ማእከላይ መጠን ዝቕባ ግና ዝኾነ ጉድኣት ዘየፈጥር፡ ምስ ቅልጡፍ ዕቤትን ናይ ስራሕ ዕድላት ምፍጣርን ተሳኒዩ ዝኸይድ እዩ። ስለዚ'ውን ኣብ ጽቡቕ ምንቅስቓስ ዘሎ ቁጠባ ዝተወሰነ መጠን ዝቕባ ክህልዎ ባህርያዊ ተርእዮ እዩ ክንብል ንኽእል ኢና። ኣብቲ ብዙሕ ሓደሽ ንጥፈታት ዘለዎ ሓደሽ ጠለባት ዝፈጥር ቁጠባ ናህሪ ዋጋታት ክርኢ ባህርያዊ ብምዃኑ፡ ቁጠባ ኣብ ዝልወጠሉ ናይ ዋጋታት ለውጢ ክህሉ ግድን እዩ።

ማእከላይ ዝቕባ ጉዳኢ እንተዘይኮይኑ፡ ስለምንታይ ደኣ እዮም ሓደስቲ-ለበራውያን በዚ ብዙሕ ዝጭነቑ? ዝቕባ ነቶም ቀዋሚ እቶት ዘለዎም ንሓደጋ ዝተቓልዑ ክፍሊ ሕብረተሰብ፡ ብፍላይ ደማ ንደሞዝተኛታትን ጥሮተኛታትን ብፍሉይ ስለ ዝጸልዎም፡ ማእከላይ ይኹን ኣይኹን ኩሉ ዓይነት ዝቕባ ጉዳኢ ምዃኑ እዮም ሓደስቲ-ለበራውያን ዝማጉቱ። ኣብ እዋን መራሕነት ሮናልድ ሬገን ካብ 1979-87 ኣቦ ፈደራላዊ ማሕበር ቦርድ (ማእከላይ ባንክ) ኣመሪካ ዝነበረ ፖል ቮልከር፡ ዝቕባ ንብዙሓት ጸላታት፡ ትጸበት ብዘይተገብረ መገዲ ዝወቅዕ ኣዩም ቀዋሚ እቶት ዘለዎም ዜጋታት ብጽኑዕ ዘጥቅዕ ጨካን ምናልባት'ውን ኣገዳሲ ዝጨክነ ኩነት ምዃኑ እዩ ዝማጉት።

ዝቕባ ንምጉዳል ብፍላይ ደማ ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ንምብጻሕ ተባሂሎም ዝወጹ ተሪርቲ ገንዘባውን ፊስካዊን ፖሊሲታት፡ ቁጠባዊ ንጥፈታት ብምጉዳል፡ ጠለብ ሸቐለት ከም ዝንኪ ብምግባር፡ ሸቐለት-ኣልቦነት ናይ ምዕባይን ደሞዝ ሰራሕተኛታት ናይ ምጉዳልን ባህሪ ኣለዎም። ስለዚ'ውን ኣብ ዝቕባ ዝግበር ዕቱብ ቀጽጽር፡ ዋላ'ኳ ህሉው ደሞዝ ሰራሕተኛታት ዘውሕስ እንተኾነ፡ ኣብ መጻኢ ክረኽብዎ ዝኽእሉ ኣታዊ ዘጉድል ብምዃኑ ክልተ ዝኣፉ በሊሕ ሰይፊ እዩ ዝኾነ ዘሎ። ትሑት ዝቕባ ነቶም ኣታዊኦም ካብ ትሑት ወለድ ዘለዎ ቀሙጥ ፋይናንሳዊ ርእሰማል ዝረኽቡ ጥሮተኛታት ጥራይ እዩ ዘርብሕ። ጥሮተኛታት ካብ ሸቐለት ዕዳጋ ወጻኢ ብምዃኖም፡ ዝቕባ ዘጉድሉ ተሪርቲ ማክሮ ቁጠባዊ ፖሊሲታት ኣብ ናይ መጻኢ ናይ ስራሕ ዕድላቶምን ደሞዞምን ዝኾነ ጽልዋ ዘየሕድሩ፡ እኳ ደኣ ነቲ ድሮ ዝረኽብዎ እቶት ውሕስነት ዝፈጥሩ እዮም።

ሓደስቲ-ለበራውያን ዝቕባ ንሓፈሻ ህዝቢ ዝሓሲ እዩ ዝብል ኣመለኻኽታ ከም ግቢ ኣጀንዳ ከም እተጠቐምሉ ካብ ኣበሃህላ ቮልከር ክንዕዘብ ንኽእል ኢና። ይኹን'ምበር፡ እዚ ህዝባውነት፡ እቶም ዝቕባ ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ ንምብጻሕ ዝወጹ ፖሊሲታት፡ ሰራሕተኛታት ኣብ መጻኢ ዝረኽብዎ ናይ ስራሕ ዕድላትን ዝኸፈልዎ መጠን ደሞዝን ብምንካይ ክረኽብዎ ዝኽእሉ ኣታዊታት ዘጉድሉ ሓቅታት ምዃኖም ንምሽፋን ዝበሃል ጨለ ዘረባ እዩ።

ይቕጽል . .




ብዞይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ
ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)
ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

መድሃኔ ጸጋይ

## ካብ መለሳታት ኣሰራርሓ ስጋ ኣውደኣመት

ዝበዝሕ ካብ ህዝብና፡ ንስጋ ኣውደኣመት፡ ብሓንሳብ እሞ ድማ ካብ ክልተ ወይ ሰለስተ ዘይበዝሑ ዓይነት ጸብሒ ገይሩ ከአንግዶም እዩ ዝርአ። እዚ ተርእዮ፡ ነዊሕ ምስ ዝሰረቱ ልማድ ኣመጋግባ ዝተኣሳሰር እኳ እንተኾነ፡ ብዓይኒ ሚዛናዊ ኣመጋግባ ክምኡ'ውን ብዙሓት ስድራ-ቤታት፡ ኣብ እዋናት ኣውደኣመት፡ ምስ ዝገብርኦ ዘይምዕሩይ ገንዘባዊ ወጻኢታት ተኣሳሲሩ ዘየሰክፍ ኣይኮነን። ንዓሰርተታት ዓመታት ከም መምህርን ክኢላን ምድላው ዓለም-ለኻውያንን ሃገራውያንን መግብታት ዝሰርሐት፣ ክምኡ'ውን ከም መምሃሪ ዓለም-ለኻውያንን ሃገራውያንን መግብታት እተገልግል መጽሓፍ ዝጸሓፈት መምህር ፍረወይኒ ገብረህይወት፡ እዚ ልማድ ክቕየር ከም ዝግባእ እያ ትመክር። እምበኣርከስ፡ መምህር ፍረወይኒ ዝሃበትና ሓደ ኣብነት ኣሰራርሓ ጸብሕታት ኣውደኣመት ነቕርበልኩም።

ሓደ ኪሎ ስጋ ብዕራይ ወይ ምሉእ ስጋ ደርሆ ተጠቒምና ጣውላ ዝመልኡ ዓይነት ጸብሒ ከነዳሉ ንኽእል ኢና። ሓደ ኪሎ ስጋ እንተቐሪብና፡ ፍርቂ-ኪሎ ዝግኒ ንሰርሓ'ሞ፡ ነቲ ኻልኣይ ምቃል ከኣ ብማዕረ ኣብ ክልተ መቒልና፡ ነቲ ፍርቁ ብርብዒ-ኪሎ ድንሽን ካሮትን ኣልጫ ንሰርሖ ወይ ጻዕዳ ጸብሒ ጌርና ንኽሽኖ፣ ነቲ ሓደ ክፋሉ (ርብዒ-ኪሎ) ድማ ጥሒንና ወይ ኣድቂቕና መቲርና፡ ሩዝን ፓስታ ወይ ፓስታ-ኣልፎርኖን ክንሰርሓሉ ንኽልእል ኢና። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብጉድኒ፡ ከም ሰላጣ፡ ቅልዋ ስፒናቺን ፍሩታታትን ክንቅርብ ንኽእል። ንእሸቶ ቡፌ መግቢ



ፍረወይኒ ገብረህይወት

ክንቅርብ ክኢልና ማለት'ዩ።

ካልእ ክንፈልጦ ኣገዳሲ ዝኾነ ነገር፡ ስጋ ናይ ገዛእ-ርእሱ ቅብኣት ስለዘለዎ፡ ኣብ ኣከሻሽናና ቅብኣት ከነብዝሕ ኣይግባእን። ኣብ ግዜ ኣውደኣመት ኣሕምልቲ ምቕራብ ክንርስዕ ከኣ ኣይግባእን። እዚ ብምግባርና፡ በቲ ሓደ ወገን፡ ነቶም ካብ ኣሕምልቲ ክንረኽቦም ዝግባእ መኣዛታት መግቢ ኣይጉድሉናን፡ በቲ ኻልእ ድማ እቲ ዘዳሎናዮ ስጋ መብረ ስለዝረክብ፡ ንገለ ክፋሉ ኣብ ቀጻሊ ንኽንምገቦ የኽእለና።

ካልእ ኣብ እዋናት ኣውደኣመት ዝርአ ጸገም፡ ምብልሻውን ምጉሓፍን ጸብሒ እዩ። ምኽንያት ናይ'ዚ፡ ኣብ እዋን ምኽሻንን ድሕሪ ምኽሻንን ጸብሒ ዝረአ ጉድለት ጥንቃቐ ኩይኑ፡ ብቐዳምነት፡ ጸብሒ ዓቒንና ክንሰርሕ ከምዘሎና ኣይንረስዕ። ስጋ ተኸሺኑ ካብ ክቕመጥ፡ ከይተኸሸነ ኣብ ፍሪጅ እንተተዓቀበ ወይ ቋንጣ እንተኾነ ዝሓሸ እዩ። እንተዘየሎ፡ ተረፍ ጸብሒ ኣብ ፍሪጅ ክዕቀብ ወይ ምሸት-ምሸት ብግቡእ ሓዊ ክወቕዖ ይግባእ።

### ኣሰራርሓ ኣሮስቶ ደርሆ

መለሳ ዝግኒ ደርሆ፡ ኣሮስቶ ደርሆ ምስ ኣሕምልቲ ከነዳሉ ንኽእል ኢና።

ዓቐን፦ ሓንቲ ንግቡእ እተጠብሐት ደርሆ። ፍርቂ ኩባያ ጠስሚ፡ ርብዒ ኩባያ ዘይቲ፡ ሓደ ማንካ ጣውላ ባዛሊኮ፡ ሰለስተ ማንካ ጣውላ እተቐጥቀጠ ፐርሰሜሎ፡ ሓደ ማንካ ጣውላ እተቐጥቀጠ ጻዕዳ-ሽጉርቲ፡ ንቑመት እተመትረ ርብዒ-ኪሎ ቀይሕን ቀጠልያን ፔፐሮኒ፡ ተቐሪፉ ንቑመት እተመትረ ፍርቂ-ኪሎ ድንሽ፡ ተሓኺኹ ንቑመት እተመትረ ርብዒ-ኪሎ ካሮት፡ ሓደ ማንካ ሻሂ ጸሊም በርበረ፡ ጨው ድማ ከም ኣድላዩነቱ።

ኣሰራርሓ፦ ንዘዳሎናዮ ስጋ ደርሆ ኣጽሪና ሓጺብና፡ ንማዩ ኣጸቢቕና ነዘፍፎ። ቀጺልና፡ ነቲ ጠስምን ዘይትን ኣብ ድስቲ ሓዊስና ብምምካኽ፡ ነቲ ስጋ ደርሆ ኣብኡ ኣእቲና ንቐልዎ። ቀጺልና ካሮት፡ ፔፐሮንን ባዛሊኮን ኣእቲና ብሓንሳብ ነብስሎ፡ ስጋ ኣብ ኣጋ ምብሳሉ ድማ ድንሽ፡ ጻዕዳ-ሽጉርቲ፡ ጸሊም በርበረ፡ ፐርሰሜሎ – መጠነኛ ጨው ከኣ እንተደሊና – ኣእቲና፡ እቲ ድንሽ ምስ በሰለ ነውርዶ። ድሕር'ዚ፡ ህድእ ምስ በለ ከነኣንግዶ ንኽእል።

ንደርሆ፡ ፍርቃ ዝግኒ፡ ፍርቃ ድማ ኣሮስቶ ጌርና እንተሰራሕናያ እውን ዝበለጸ እዩ።

***

## ምድላው ኬች-ኣፕ ናይ ጉዕ-ባናና

### ዘድልዩ ጥረ-ነገራት

- 1 ኪሎ ግራም ቀጠልያ ጉዕ-ባናና
- 1 ሊትሮ ማይ
- 1 ሊትሮ ኣቸቶ
- ½ ኪሎ ግራም ሽኮር
- 4 ግራም ጨው
- 10 ግራም ዝተወቕጠ ዝንጅብል
- 7 ግራም እተመትረ ቀይሕ ሽጉርቲ
- 2 ግራም በርበረ
- 2 ግራም ጸሊም በርበረ



### ኣገባብ ኣሰራርሓ

መጀመርታ፡ ነቲ ጉዕ-ባናና ቀሪፍና ብማይ ንጥጥቖ። ቀጺልና ንኹሎም ጥረ-ነገራት ኣብ ማይ ንሓዋውሶም። ነቶም እተሓዋወሱ ጥረ-ነገራት እናኣኾስና፡ ንኽበስል፡ ምስቲ ብማይ ዝበሰለ ባናና ብሓደ ነእትዎ። ኣጸቢቑ ምስ በሰለ፡ ብውዕዩ ኣብ ጽሩይ መትሓዚ ጥርሙዝ ነቐምጦ። ክሳዕ ዝዝሕል ድሕሪ ምጽባይ ድማ ክንምገቦ ንኽእል።

ምንጪ፦ መወከሲ ጽሑፍ 'ወሰኽ-ክብሪ ባናና'

## ምድላው ክቢ-ስጋ (Meatball) ብጉዕ ባናና

ጥረ-ነገራት

- 1 ኪሎ-ግራም ብማይ እተጠጠቐ ጉዕ (ቀጠልያ) ባናና
- 75 ግራም ጥሑን ስጋ
- ጽማቕ ለሚን ከም ኣድላይነቱ
- 2 ማንካ-ጣውላ ብደቂቕ እተመትረ ጻዕዳ ሽጉርቲ
- 2 ማንካ-ጣውላ ብደቂቕ እተመትረ ፐርሰሜሎ
- 1 ማንካ-ሻሂ ጥሑን በርበረ ጸሊም
- ጨው (ከም ኣድላይነቱ)



ኣገባብ ኣሰራርሓ፦

ነቲ ብማይ ውዑይ ዝጠጠቕናዮ ጉዕ ባናና ቀሪፍና ንሕምትሎ። ነቲ ጥሑን ስጋ ኣብ ጽማቕ ለሚን ንኣልኮ። ቀጺልና፡ ነቲ ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ፐርሰሜሎ፡ በርበረ ጸሊምን ጨውን ምስ'ቲ እተሓምተለ ባናና ነዳውሶ። ኣብ መወዳእታ፡ ብኢድና እናኣኽበብና ኣብ ሬተ ሓጺን ወይ ኣብ ባዴላ ንጠብሶ። ዝሕል ምስ በለ ንእንግዶት ድሉው ክኸውን ይኽእል።

ምንጪ፦ መወከሲ ጽሑፍ 'ወሰኽ-ክብሪ ባናና'

## ሃንዛ ዓተር

ሃንዛ ዓተር፡ ብዝያዳ ከም ቍርሲ-ቡን እነዘውትሮ፡ ካብ'ቶም ተባሃግቲ ዓይነት ሕብስቲ ሃገርና እዩ። መስርሕ ምድላዉ፡ ካብ ናይ ካልኦት ዓይነት ሃንዛ ዝቐለለ ክነሱ፡ ሳላ ፕሮቲናዊ ትሕዝቶኡ ልዑል መጠን ጣዕሚ ዘለዎ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ፈኹኽ ዝበለን ረቂቕን ስለዝኾነ፡ ኣዝዩ ተባላዒ እዩ።

### ዘድልዩ ጥረ-ነገራት

- 2 ኩባያ ሓርጭ ዓተር
- 1 ኩባያ ሓርጭ ፊኖ
- ½ (ፍርቂ) ሊትሮ ማይ
- ጨው (ከም ኣድላይነቱ)
- 1 ማንካ-ጣውላ ቅልጡፍ መባኾዕቲ (በይኪን' ፓውደር)
- 1 ማንካ ሻሂ ለቪቶ

### ኣገባብ ምድላው

- ንዘዳሎናዮ ሓርጭ ዓተርን ፊኖን ኣሕቢርና፡ ቅልጡፍ መባኾዕቲ፡ ለቪቶን ጨውን ወሲኽና፡ ልብጥ ብዝበለ ማይ፡ ከም ናይ ሓፊስ ቢሑቕ እንጌራ፡ ኣቕጥን ኣቢልና ነቜምጥዮ።
- ድሕሪ 10 ደቓይቕ፡ ነቲ ቢሑቕ ብማዕረ ኣብ ክልተ ከፊልና፡ ንሓደ ክፋሉ ኣብ ዝረሰነ መጎጎ ከም ናይ እንጌራ ንኻስሶ። ምስ በሰለ ኸኣ ነውጽኦ
- ቀጺልና ነቲ ኻልኣይ ክፋል ቢሑቕ ንኻስሶ'ሞ፡ ብኡ-ብኡ፡ ነቲ ድሮ ተሰንኪቱ ወጺኡ ዝጸንሐ ቀዳማይ ክፋል ዝባኑ ንደገ ጌርና ብማዕረ ኣብ ልዕሊኡ ደሪብና መጎጎ ንኸድን
- ምስ በሰለ ነውጽኦ። ብውዑዩ ወይ ምስ ዘሓለ ክእንገድ ይኽእል።

ምንጪ ጽሑፍ፦ መጽሓፍ 'ምስጢር ጻሕልና'
ጸሓፊት ኣስመረት ዳምር

## ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ፦ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፡ ቁ. ተሌፎን 182225/07193674 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሽባብ
ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ.

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቂምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጾስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ጸቕጢ መዘና

ደዋሊት፤ ሄለው፡ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን?

ኣማኻሪ፤ መርሓባ! ኣይተጋገኽን መን ክብል?

ደዋሊት፤ ሳራ እበሃል።

ኣማኻሪ፤ ተጠቃሚት ኣገልግሎትና ክትኮኒ ምድዋልኪ ኣመስግን። ካበይ ትድውሊ ኣለኺ ሳራ?

ደዋሊት፤ ካብ መንደፈራ።

ኣማኻሪ፤ እንታይ ክሕግዘኪ ሳራ?

ደዋሊት፤ 16 ዓመት ዝገበረ ውላድ ኣለኒ። ጠባዩ ተቐዩሩኒ፣ ኣበር ገይሩ ብመዛንኡ እናተገርዘ በጃኻ።

ኣማኻሪ፤ ኣስፍሕ ኣቢልኪ ዶ መብራህክለይ?

ደዋሊት፤ ሻውዓይ ክፍሊ ካብ ዝኣቱ ኣትሒዙ ምሳናን ምስ ኣሕዋቱን ምውዓልን ምጽዋትን ሓዲጉ፡ ደገደገ ክብል፡ ዝነበሮ ርእሰ-ተኣማንነቱ ኣጥፊኡ፡ መዛንኡ ጥራይ ዝበልዎ ከተግብር፡ ብርእሱ ዘይከይድ ውላድ ኮይኑኒ።

ኣማኻሪ፤ እስከ፡ ካብ'ቶም ኣብ ቀረባ እዋን ዘርእዮም ፍሉይ ባህርያት ክትነግርኒ?

ደዋሊት፤ ክገብር በሃላይ ዝነበረ መንፈሱ፡ ነበረ ኮይኑ። ብጉረባብቱ፡ ደቂ ገዛውቱን መማህርቱን ክምራሕ ጀሚሩ። ኣሕዋቱ ኣብ ዘዕልልሉ ኸኣ፣ "ንስኹም ትም ኢልኩም ኢኹም፡" እናበለ ንዘነበሮ ባህሪ ኣቋሪጹ ዕላላቶም ከቍናጽብ፣ ብዘስሕቕን ዘየስሕቕን ዕላላት መሳትኡ፡ ኩስቶ ዓርከይ ከም'ዚ እንተ በለ፡ ጓል ክላሰይ ከምዚ ተደገመት፡ ብዘይንቡር ባህርያት ክዕብለል ስለ ዝጀመረ'ዩ ኣሻቒሉኒ።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ፡ ብዛዕባ ደቂ ገዛውቱስ፡ ኣብ ከባቢኹም ስለ ዝኾነ ገለ ብዛዕባ ባህርያቶም ክትፈልጢ ትኽእሊ ትኾኒ፡ ብዛዕባ መማህርቱ ግን ብኸመይ ፈሊጥኪ?

ደዋሊት፤ ወይ ንስኻ፣ "ዓርኪ ሰባር ነቓዕ" ድዩ ዝበሃል። ዘይነበሮ ተግባራትን ዘረባታትን ኣብ ቤት ትምህርቱን ክፍሉን ዝገጠሞ ክዝርዝረለይ እናምሰየ ደኣ'ሞ፡ ካብዚ ንላዕሊ እንታይ መረጋገጺ ክህልወኒ ኢልካኒ።

ኣማኻሪ፤ እስከ፡ ንድሕሪት ክመልሰኪ፡ ብህጻኑ እንከሎ ምስ መዛንኡ ዝነበሮ ዝምድና ግለጽለይ?

ደዋሊት፤ ገዛውትና ሜዳ መጻወቲ ስለ ዝነበሮ፡ ክጻወቱ ውዒሎም የማስዩ፡ ሓመድ መሲሉ'ዩ ዝመጽኣኒ ነይሩ። ዝበዝሐ እዋን ድማ ምስ'ቶም ብሰለስተ ኣርባዕተ ዓመት ዝዓብይዎ ይኸይድ ስለ ዝነበረ፡ ዝበልዎ ክገብርን ክልኣኾምን ይውዕል ነይሩ።

ኣማኻሪ፤ ገለ ካብ'ቶም ምስኡ ዝቐርቡ፡ ብሕማቕ ጠባዮም ዝልለዩ ኣለዉዶ?

ደዋሊት፤ ኣለዉ!። ካልእ ከይሰዓበ እንከሎ፡ ኣምላኽ ጻዕርና ንኸንቱ ኣይበሎን እምበር፡ ሓደ ሕማቕ ቁልዓ ተዓራሪኹ ነይሩ'ዩ። ኣብ ከባቢና ስድርኦም ዘይእዘዙ፡ ትምህርቲ ንኸይድ ኣለና ኢሎም ኮለል ክብሉ ዝውዕሉ፡ ኣብ ዘይተደልየ ወልፍታት ተሸኺሎም ስድኦም ዘጉህዩ ውሑዳት ኣይኮኑንን።

ኣማኻሪ፤ ምስዚ ዝጠቐስክዮ ሰብ እንተ ዝኸይድ እንታይ ምኾነ ትብሊ?

ደዋሊት፤ ከም'ቶም ትምህርቲ ራሕሪሖም ፈቖዶ ኣንጎሎታት ዘወን ክብሉ ዝውዕሉ ምኾነ። ግዙእ ወልፍታት ኮይኑ ኣይ-ንነብሱ ኣይ-ንስድርኡ ብላሽ ኮይኑ ምተረፈ። ወይ ከም'ዞም ክንሰምዖም ንውዕል ዘለና ማስትሺዶ ኣልኮል እናበሉ ክንከባለሉ ዝውዕሉ ግዲ ይኸውን። መወዳእትኡ ድማ ትጽቢታትካ መኺኑ ኮፍ ምባል ኣሎ።

ኣማኻሪ፤ ዝያዳ ባህርያት ውሉድኩም ንምፍላጥ ዝገበርኩሞ እንታይ ኣሎ?

ደዋሊት፤ ፈለማ፡ ናይ ንእስነት'ዩ ዝኸውን ኢልና ግቡእ ክትትል ኣይገበርናሉን። ግዜ ኣብ እንረኽበሉ እዋን፡ ብእዋኑ ገዝኡ ክኣቱን ኣመት ትምህርቱ ክገብርን፡ ምስ ዝጠቕሙን ዘይጠቕሙን ኣይትኺድ መሰልትኻ ኣለሊ ኢልና ንምዕዶ ኢና። ግን እንታይ'ሞ፡ "መዊጽካ ኣይስኒ፡ ምዒድካ ኣይ ልቢ" ጉድ'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ንምዕዶኹም ከመይ ይቕበሎ ነይሩ?

ደዋሊት፤ ምዕዶና ቅድም ናይ ወላድን ውሉድን እዩ ነይሩ። ምስ ኣበየና ግን ትርር ዝበለን ሓውሲ ትእዛዝን ጌርናዮ። ኣይግዳዱ'ሞ፡ ኣዝጊብካ ምስማዕ ዝወዳደሮ የለን። እንተ ግብሪ ግን ወይከ፡ ናይ መሳቱኡ ምዕዶ ዓዚዙዎ።

ኣማኻሪ፤ እሞ፡ ብመሳትኡ ዝተጸልወዶ ይመስል?

ደዋሊት፤ ጽልዋ መዘና ከመይ ከም ዝገብር'ኳ ረሲዐዮ። ከምዛ ብእኣ ዘይሓለፍኩ።

ኣማኻሪ፤ ጽልዋ መዘና፡ ከመይ ትሓልፍዮ ምንባርኪዶ ገለ መዕለልክኒ?

ደዋሊት፤ መሊስካ ናባይ ገምጢልካያ እምበኣር እዛ ሕቶ?

ኣማኻሪ፤ ከዋጥረኪ ኢለ ኣይኮንኩን፡ ንመፍትሒ ዝኸውን ሓሳብ፡ ካብ ተመኩሮኺ መበገሲ ዝኸውን ሓጋዚ ሓሳባት ክህሉ ስለ ዝኽእል'የ።

ደዋሊት፤ እዋእ ንሱስ ሓቕኻ!። ንሕናስ ወደይ ንስኺ ከምዚ ግበሪ፡ ከምቲ'ባ ሳንዳይ፡ እናተበሃሃልና ጸወታን ጭርቃንን እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ዘሰክፍ ኣይነበረናንን። ወለድና ብዓይኖም እናኣዘዙና ኢና ሓሊፍናዮ። ስሕት ኢልና፡ ልኡኽ ኣስፊልካ ምስ መሓዛኻ ምዕላል እንተ ዘይኮይኑ ከምዚ ሎሚ ንርእዮ ዘለና ንወለድኻ ዘየስምዕ ኣይነበረናን።



ኣማኻሪ፤ ሕራይ ሕጂ፡ እቲ ቀንዲ ዘሻቕለኪ ዘሎ ብመሳትኡ ምጽላዉ ድዩስ ዋላ ኩነታት ትምህርቱ?

ደዋሊት፤ ኣነ ደኣ መንገዲ ጸጋም ካብ ምኻድ ተገላጊሉ፡ ንኹሉ ተጻዊሩ ናብ ውዮኡ ክምለሰለይ'ሞ፡ ድሕሪኡ ኣመት ትምህርቱ ክግብረለይ ምደለኹ። መደወልየይ'ውን ንዑኡ ንምፍዋስ'ዩ።

ኣማኻሪ፤ ሕቶታት ዘብዝሓልኪ ዘለኹ፡ ድሕረ-ባይታኡ ተረዲእና ዝሓሸ መፍትሒ ኣማራጺታት ንምንዳይ ሓጋዚ ስለ ዝኾነ'ዩ። ገለ ካብ'ቶም ትፈልጥዮም መዛንኡ ጠባዮም፡ ኣካይደኦም፡ ኣብ ትምህርቶም ዘለዎም ተገዳስነት፡ ብሓፈሻኡ ወድኺ ምስ ብዓል መን ይውዕል እንታይ ሓበሬታ ይህልወኪ?

ደዋሊት፤ ከይፈተኹ ኣቶም ንፋዓትን ሕማቓትን ኣጽኒዐዮም'የ። ምኽንያቱ ኣሰር ንፋዓትን ምእዙዛትን ክሕዝለይ ስለ ዝደለኹ።

ኣማኻሪ፤ ዕድመ ኩትትና ማለት 13-19 ዓመት ዘሎ ኮይኑ። ኣብዚ ዕድመ ዘለው፡ ንገዛእ ርእሶም ከም እኹል ሰብ ገይሮም ስለ ዝግንዘብዋ፡ ርእሶም ንምኽኣል ዘማዕድውሉ ዕድመ'ዩ። ንገዛእ ርእሶም ከም ብሱላት ስለ ዝርድእዋ፡ ናይ ካልኦት ሓሳብ ብቐሊሉ ክቕበሉ ኣይክእሉን'ዮም። ስለዚ ግዜኺ ወፊኺ፡ ውላድኪ ኣበይ ይውዕል ምስ መን ይውዕል ምፍላጥ፡ ዝጠቕምዎ መሓዙት ንምልላይ ሓጋዚ'ዩ። ብተወሳኺ ኣብ'ዚ ዕድመ ዝርከቡ ቈልዑ ክፈልጡ፡ ህንጡያትን ንዘድንቕዎም መሳትኦም ንኽመስሉ ህርዲግ ዝብሉን ስለ ዝኾኑ፡ ዝያዳ ኣቓልቦ ከም ዘድልዮም ምፍላጥ'ውን ኣገዳሲ'ዩ።

ደዋሊት፤ ኮሊፈካ ደኣ'ምበር፡ ሓቀኛ ጸቕጢ መዘና ብኸመይ ድዩ ዝልለ?

ኣማኻሪ፤ ጸቕጢ መዘና ንምልላይ ዝሕግዙ ገለ ነጥብታት ክዝርዝረልኪ። መንእሰያት ብመዛንኦም ተደሪኾም ኣተሓሳስባን ክብርን ጠባይ ብምቕያር፡ ናብ'ቶም ዝጸልውዎም መዛኑ ብምዝንባል፡ ዋኒኖም ሓዲጎም ዘይነበሮም ባህሪ ምስ ዘማዕብሉ፡ ካብ ህይወት ገዝኦም ክርሕቁን ደገ ደገ ክብሉን ብኣሉታዊ ወይ እወታዊ ባህርያት ክድረኹ እንተ ጀሚሮም፡ ንኣመታት ጽልዋ መዘና ሓብሪ'ዩ።

ደዋሊት፤ እወታዊ ክትብል እንከለኻ፡ ጸቕጢ መዘና ጽቡቕ'ዩ ማለትካ ድዩ?

ኣማኻሪ፤ ከም'ቲ ኣቦታት፡ "ዘይቀንእ ኣይወለድ፡" ዝበልዎ፡ ቅዱስ ቅንኢ ሓዲሩካ ብእወታዊ ባህሪ ካልኦት ተደሪኽካ እትፍትኖ፡ ልምዲ፡ ሞያ፡ ምስ ብሉጻት ሰባት ምምሕዛው፡ ኣብ ክንዲ ተጸላዊ ብስራሕካን ባህርያትካን ኣርኣያን ጸላውን ክትከውን እንከለኻ፡ እወታዊ ጸቕጢ መዘና ይብሃል። ኣሉታዊ ጸቕጢ ዝብሃል ድማ፡ ይኸፋእ ይጸብቕ ጸቕጢ መዛኑ ምጽዋሩ ስኢንካ ከየመዛዘንካ ከም ዘለዎ ምቕባልን ምትግባርን የጠቓልል። ውላድኩም ዘማዕበሎ፡ ለውጢ ባህርያት ቀልጢፍኩምዶ ተረዲእክሞ?

ደዋሊት፤ ብቈልዑኡ እንከሎ ወናኒ እሩም ጠባይ ብምንባሩ፡ ከም'ዚ ለውጥታት ክርኢ ይኽእል'ዩ ዝብል ሓሳብ ኣይነበረናንን። እዚ ቈልዓ ተባላሸዩ ኢሉ ካብ ምስ ነብሰይ ምምኻር ሓሊፉ ዝገበርክዎ የለን። ግን ሕርቓ ኣብ ዝበለሉ እዋን ከም ወላዲት መጠን ተቓዩቔ ይሓድጎ። "ኣታ ቈልዓ ምስ'ዞም ትኸዶም ዘለኻ ሰባት፡ ኣየዋጹኡኻን'ዮም፣ ንሕና ዝበልናካ ጥራይ ስማዕ፣ ብርእስኻ ጥራይ ኣይትኺድ፣ ካብ ፍቓድና ኣይትውጻእ፡" ብምባል የሸንብበሉ'የ።

ኣማኻሪ፤ ቈይቂ ደኣ'ሞ፡ ጸቕጢ ዝፈጥረሉዶ ኣይመስለክን?

ደዋሊት፤ ጸቕጢ ዶ ኢልካ!?

ኣማኻሪ፤ ወለዲ ብወገኖም ኣእምሮ ደቆም ከየንበቡ፡ ብሉጻት ክኾኑሎም ጥራይ ብምሕሳብ ንውሉዶም ኣብ ክንዲ ደረጃታት ዕቤት ቀስ ኢሎም ክበጽሕዎ ምስላይ፡ ናብቲ ንሳቶም ዝደልይዎ ተመጢጦም ክበጽሑሎም ምስ ደቆም ኢሂን ምሂን ከይተበሃሃሉ፡ "ንሕና ዝበልናካ ጥራይ ስማዕ፡ ትእዛዝና ኣኽብር፡ ንሕና ኢና ቅድሚኻ ጸሓይ ዝርኣና፡ ካብ መስመርና ኣይትውጻእ፡" ብምባል ንውሉድካ ምሽቝራር። "ኣብ መርመራ ክንድ'ዚ እንተ ዘየምጻእካ ወይልኻ፣ ሕሉፍ ሓሊፎም ገለ ወለዲ፡ ሃገራዊ መርመራ ክንድ'ዚ ነጥቢ እንተ ዘይረኺብካ፡ ኮለጅ ኣብ ዝጽንበርሉ ድማ ምህንድስ፡ ሕክምና እንተ ዘይመረጽካ እናበሉ ኣብ ልዕሊ ውሉዶም ጸቕጢ ዝፈጥሩ ወለዲ ውሑዳት።

ደዋሊት፤ ኦይ፡ እዚ ደኣ ሃዲእካ ዝሕስቦ፡ ንኹልና ወለዲ ኣገዳሲ ረብሓ ዘለዎ ምህሮ እንድዩ። ንሕጂ ግን ነዚ ንወደይን ንዓናን ወሪድና ዘሎ ብኸመይ ንቈጻጸሮን ነወግዶንዶ ሓገዝ ምሃብካኒ?

ኣማኻሪ፤ በዚ እትህብኒ ዘለኺ ሓበሬታ፡ ክኢላታት ስነ-ልቦና ከም ዝገልጽዎም፡ ወድኺ ብጸቕጢ ተጠቒዑ ምህላዉ'ዩ ዘእንፍት። እወታዊ ጸቕጢ ቅዱስ ቅንኢ ኣሕዲሩ፡ ካብ ትዕዝብቲ ነቒሉ ናብ እወታዊ መንገዲ ክወስድ እንከሎ'ዩ። ንብዙሓት ወለዲ ዘሻቕል ግን፡ ብድሕረይ ምስ መዛንኡ፡ መማህርቱ ከመይ ይመስል፡ ብኸመይ ይገጥሞም ይህሉ፡ ንዝገጥሞ ጸቕጢ ብኸመይ ይጻወሮን የወግዶን ይህሉ፡ ብዝብሉ ሓሳባት ይሻቀሉ'ዮም። ስለዚ ነዞም ነገራት ብመጠኑ ንምውጋድ፡ ውሉድኪ ተኣማንነት (assertiveness) ክህልዎ መታን፡ ንዘይኣመንክሉ ወይ ቅኑዕ ኮይኑ እንተ ዘይተሰምዓኪ ባህሪ ጸቕጢ ብዘይፈጥር ሜላ ምእላዩ ዶ ኣይምሓሸን?

ብኻልእ ወገን ምስ ጸቕጢ መዘና ዝጻወሩ መሳትኡ እንተ ተዓራረኽ'ውን ዝያዳ ጽቡቕ ምኾነ። ንዘይደገፍካዮ ዘረባ ኣይፋል ዝወደይ ምባል። ቀራጽ ኩን፡ ኣዕሩኽትኻ ተቐዳዲምካ ኣይትምረጽ፡ ሓገዝ ኣብ እትደልየሉ ንወለድኻን መምህራንካን ተወከስ ኢልካ ምምእዛን። ሓሳብ ውላድኪ ንምርዳእ ኣብ ገዛኹም መደምደምታ ዘይብሉ ሓሳባት ከዕልሉ ምትብባዕ። ዕድሚኦም ኣብ ግምት ብምእታው ከም መዛንኦም ኬንካ ምዕላል። ንዘጋጥምዎም ጸቕጢ መዘና ብመልክዕ ሕቶን መልስን ክርድእዎም ምግባር። ብዓይኒ ሓልዮት ኣብ ቦትኦም ብምኻን፡ ከምቲ ዝተሰምየም ከም ዝተሰምዓካ ምግላጽ። እዞም ኣቐዲመ ዝገለጽኩልኪ ሓሳባት፡ እምነት ከሕድሩን ገዛእ ርእሶም ንኽውከሱን ሓጋዚ'ዩ። ብዙሓት ቈልዑ ንጸቕጢ መዘና ኢዶም ዝህቡሉ ምኽንያት፡ ካብቲ ጸቕጢ ክወጽኡ ዝኽእሉ ስለ ዘይመስሎም'ዩ። ስለዚ ሓንቲ ካብ'ተን ዝበለጻ ኣማራጺታት "ኣይፋል" ንኽብል ምልምማዱ ኣገዳሲ'ዩ።

ካልእ፡ ሓደ መንእሰይ ኩሉ ነገር ብሓደ እዋን ክፈልጥ ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። ኣፍልጦኡ ምስ ዕድመ ዝዛመድ ክኸውን ይግባእ። ከምኡ ድማ፡ ምስ ዕድሚኡ ዝኸይድ ውሳነታት ጥራይ ንኽውስን ምትብባዕ። ምኽንያቱ፡ ሓበሬታታት ምድርራብ ፈላልዮም ንኽርድኡ ከሸግሮም ስለ ዝኽእል።

ዋላ'ኳ ዝሓለፍክዮ ጸቕጢ መዛኑ ብዙሕ ኣይትዘክርዮ፡ ንሒደት ካብ ዘጋጥሙኺ ፍጻሜታት ብኸመይ ከም ዘሰገርክዮም ብኣብነት ምሕባር። ምስ ኣዕሩኽቱ ብቑጸራ ኣብ ዝወጽእሉ፡ ሕጋጋት ገዛና ዝብል ኣረኣእያ ክርዕሞምን፡ ካብኡ ልዑል ትጽቢት ከም ዘለክን ኣነጽርሉ። ኣብ መንጎ ምስ ኣዕሩኽቱ ዝህልወሉ እዋን፡ ተለፎን ብምድዋል ስክፍታ ከም ዘስመዖ ምግባር። እዚ፡ ንተግባራቱ ድማ ደጊሙ ክሓስብሉን ናብ ገዝኡ ከም ዘቋምት ክትገብሮ ይኽእል'ዩ።

ደዋሊት፤ በል፡ ንስለ ዝሃብካኒ ሓበሬታ ኣመስግነካ፣ ዝከኣለኒ ጸሎት ሓዊሰ ክገብር'የ። ደሓን ኩን፡ ብሩኽ ምሸት።

ኣማኻሪ፤ ብሩኽ ምሸት፡ ኣነ'ውን ኣመስግነኪ።



ያቆብ መርሃዊ (ጃኮ)

## መበል 11 ክፋል

ህበይ ዳዉ፡ ሃንደበት ስለዝኾና ሰንበደ።

ካብ'ታ መኪና ሓንቲ ቀያሕ ጽብቕቲ ጓል ተቐልቐለት።

ዳዉ ተሰፋ ገይሩ እናዘለለ ተዓዘባ።

እታ ጓል ሓንቲ ኣራንሺ ደርበየት።

ዳዉ ብሓጎስ እናጎየየ ናብታ ኣራንሺ ከደ።

እታ ጓል ደጊማ ባናና ደርበየት።

ህበይ ዳዉ፡ ነታ ኣራንሺ ሒዙ ነታ ባናና'ውን ኣልዓላ። ብሓጎስ ብርኽ ናብ ዝበለ ቦታ ደየበ። ኣብ ጽላል ሓንቲ ገረብ ከኣ ኣዕረፈ።

እታ መኪና ናህራ ኣዛይዳ ካብቲ ከባቢ ተሰወረት።

ህበይ ዳዉ፡ ኣራንሸን ባናናን ቀሪፉ በልዐ። በሊዑ ምስ ወድአ ብሓጎስ ናብቲ ናብ ጽርግያ ዝደርበዮ እምኒ ከደ። ኑቲ ኣእማን ካብቲ ጽርግያ ኣለየ። ብሕጉስ መንፈስ ደጋጊሙ ዘለለ። ነታ ፍትውቲ ዝኾነት መዝሙር ናይ ዓደም ክዝምር ጀመረ፡

"ንሕና ኣህባይ ኩሉ ዘለና<br>
ዓዲ ምሃብ ሃብታም ዓድና<br>
ፍቕርን ሰኒት መለለይና<br>
ስራሕ መግለጺ ምዕባለና<br>
ላ ላ ላ ላ ላ ላ"

እናበለ ብዓውታ ዘመረ። ንበይኑ ፍሱህ መዓልቲ ኣሕለፈ። መሬት ዓይኒ ከይሓዘ ናብ ዓዱ ተመልሰ። ከም ሰራቒ ሰላሕ ኢሉ ናብ ቤቱ ኣተወ።

* * *

ንጽባሒቱ ሓለቓ ታቶ፡ ንዓሰርተ ኣጓብዝ

## ጸውጸዋይ

## ብጻዕርኻ ምንባር...

ኣህባይ ካብ ዓዲ ምሃብ ርሕቕ ኢሉ ይጸበ ነበረ። ኣቐዲሙ ነዞም ዓሰርተ ብሚስጢር ረኺቡ ዝመጽኡ ግዜ ሓቢርዎም ነበረ። ብብሓደ ኩሎም ተኣከቡ።

ሓለቓ ታቶ፡ ኩሎም ኣህባይ ምስ ተኣከቡ፡

"ሕራይ ኣጓብዝ" ብምባል ሰቕ ንኽብሉ ዘረብኡ ጀመረ። ኣጓብዝ ኣህባይ ዘረባ ኣቋሪጾም ክሰምዕ ጽን በሉ።



ሓለቓ ታቶ፡ "ንዓሰርቴኹም ኣብዚ ዝጸዋዕኩኹም ሓደ ክንሰርሖ ዘለና ዕዮ ስለዘሎ እዩ። ንዓኹም ዝመረጽናሉ ብኽልተ ምኽንያት እዩ። እቲ ሓደን ቀንድን ሚስጢር ክትዕቅቡ ትኽእሉ ኢልና ስለ ዝኣመንና እዩ። እቲ ኻልኣይ ከኣ፡ ብዘለኩም ሓይሊ፡ ማለት ድልዳለ ኣካላት እዩ። ስለ'ዚ ስራሕና ሚስጢርን ሓይልን የድልዮ እዩ" ንኹሎም ብብሓደ እናጠመተ ተዛረበ።

እቶም ኣጓብዝ ምስጢራውያንን ሓያላትን ስለዝተባህሉ ሕጉስ በሉ። ኣብ ነብሶም እምነት ኣሕደሩ። ተር ኢሎም ብምስራዕ ቀው ኢሎም ይሰምዕዎ ነበሩ።

ሓለቓ ታቶ፡ እናተዛረበ ክኾሎም ጀመረ፡ "ንሕና ኣህባይ ኢና። ከምቲ ኣብ ኣኼባ ዝሰማዕኩምዎ፡ ሰራሕና ክንበልዕ እዩ ግርማና። ስለዚ ናትኩም ስራሕ ኣብ ጽርግያ መስተርሆት ክኸውን እዩ። ቀንዲ ዕላማና ድማ ወዲ ሰብ መግቢ ናብ ኣህባይ ከምዘይድርቢ ምግባር እዩ። ካልኣት ኣህባይ ከይረኣዩና ኣብዚ ከባቢ ፋሕ ክንብል ኢና። ነፍሲ ወከፍ መኪና መግቢ እንተደርብያ ሓበሬታ ተቐባቢልና መገዲ ክንዓጹ ኢና። ንኣብነት ካብ ሓንቲ መኪና መግቢ እንተተደርብዩ ነታ መኪና ቀዲምና ብምሕላፍ ርሕቕ ኢልና ጽርግያ ንዓጹ ማለት እዩ። ብኸምዚ ኣገባብ ድማ ከይተሓለልና መግቢ ምድርባይ ክሳብ ዘቋርጽዎ ክንሰርሕ ኢና። ሎሚ ግን መጽናዕቲ ክንገብር ኢና። ተሰፋ እንገብር ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክንዕወት፡" ክልተ ግዜ ኮሊሉ ኣብ ቅድሚኦም ቈመ።

እቶም ኣህባይ ገጾም ኣሲሮም ይሰምዑ ነበሩ።

ሓለቓ ታቶ፡ "ሕራይ ካብዚ ክዛረቦ ዝጸናሕኩ ዘይበርሀ እንተሎ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም?" ንኹሎም ብዓይኑ መርመሮም።

"ክቡር ሓለቓ፡ እዚ ዝበልኩምና ቅኑዕ እዩ። ተሰፋ ንገብር ድማ ካብ ዝሓጸረ ግዜ ክሰልጠና። በዛ ሓሲብኩማ ዘለኹም ከምእንዕወት ኣይጠራጠርን እየ፡" ሓደ ካብቶም ኣህባይ ተዛረበ።

"ጽቡቕ ዝኾነ ሓድሽ ሓሳብ እንተዘይብልኩም ሕጂ ፋሕ ኢልና ጽርግያ መስተርሆት ንቈጻጸር። ሕጂ ምስ ወፈርና ምሸት ዝኾነ ሓድሽ ነገር እንተሎ ክንዘራረብ ኣብዚኣ ንራኸብ። ኣነ ክከታተለኩም እየ። መን መን ኣብ ጽርግያ መስተርሆት ይውዕሉ ከኣ ክትነግሩኒ ኢኹም። ሕጂ በቦታኹም ክሕብረኩም እየ። እዛ ስራሕና ሚስጢር ስለእትደሊ ምስ ዝኾነ ከነዕልል ኣይግባእን። ንዓድና ዓዲ ምሃብ እሙናት ክንከውን ኣለና። እሙን ዘይኮነ ወዲ ዓድና ኣይኮነን" ብምባል ንዓሰርቲኦም ኣህባይ ፋሕ ከምዝብሉ ገበረ።

ኩሎም ኣህባይ ከኣ ከባቢኦም እናተቈጻጸሩ ኣብ ጽርግያ መስተርሆት በጽሑ። ተሓቢኦም ከኣ ኣብ ምሕላው ተጸምዱ።

* * *

ህበይ ዳዉ፡ ከም ቀደሙ ተሓቢኡ ኣብ ጽርግያ መስተርሆት በጽሐ። ከባቢኡ ብጥንቓቐ ፈተሸ። በይኑ ምንባሩ ኣረጋገጸ። በይኑ ምንባሩ ሓጎስ ፈጠረሉ።

ሓደ ካብቶም ዓሰርተ ሓለውቲ፡ ንዳዉ ብድሕሪኡ ብምኽኣን ተሓቢኡ ይከታተሎ ነበረ። ኩሉ ተግባራት ናይ ዳዉ ከኣ ተዓዘበ። ኣብ ጽርግያ መስተርሆት ቀንፊዘው ምባሉ ኣሕዘኖ። ናይ ልቡ ከኣ ደንገጸሉ። ከም ዝተባህሎ ከኣ ምክትታሉ ቀጸለ።

**ይቕጽል**

## ኣውደ-ኣመት

## ናይ ሕውነት ግዜ....

ፍትዋት ተመሃሮ ኣብ ግዜ ኣውደ-ኣመት እንታይ ትገብሩ? እንታይ'ከ ደስ ይብለኩም?

ጽቡቕ ኣብ ግዜ ኣውደ-ኣመት ደስ ዝብለና ነገራት ክህሉ ግድን እዩ። ስድራኹም ኩሉ ግዜ ኣብ ኣውደ-ኣመት ዝገብርልኩም ደስ ከም ዝብለኩም ርዱእ እዩ። እንተኾነ ኣውደ-ኣመት ከመይ እዩ ክሓልፍ ዘለዎ? እንታይ እንተገበርና'ኸ ይሓይሽ? በሉ ንሎሚ ኣብ ግዜ ኣውደ-ኣመት ክትገብርዎም ዘለኩም ነገራት ኣዳሊና ኣለና'ሞ ሰናይ ንባብ!!

ቀዳማይ ነገር ኣውደ-ኣመት ብዓቕሚ ስድራኹም ዝሓልፍ ምኻኑ ክትግንዘቡ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ኣብ መነባብሮ ኩልኹም ዝተፈላለየ ዓቕሚ ከምዘለኩም ርዱእ እዩ። ስለዝኾነ ሰብ ከም ገዝኡ እምበር ከም ጉረቤቱ ኣይከውንን እዩ። ወለድኩም ዓቕሞም ፈሊጦም በታ ዘላቶም ኣውደኣመት ከሕልፉ እንከለዉ ብሕጉስ መንፈስ ክትቅበልዎ ኣለኩም። እንተዘይኮይኑ ጉረቤትኩም በጊዕ ስለዝሓረዱ በጊዕ እንተዘይተሓሪዱልና ብምባል ክትኩርዩ ይኹን ሕማቕ ክስምዓኩም የብሉን። ካልእ ጉረቤትኩም ክዳን ስለዝተኸድኑ ክዳን እንተዘይተገዚእልኩም ሕማቕ ኣውደኣመት ከተሕልፉ ጽቡቕ ኣይኮነን። ወለድኹም ስለዘይብሎም እምበር ኩሉ ክገብርልኩም መዓስ ዝጸልኡ ኮይኖም። እንተኾነ ሳእንኻ ማዕረ እግርኻ ስለዝኾነ ኩልኹም ከም ቤትኩም ክትነብሩ እዩ



ግርማ ዘለዎ። ኣውደኣመት ናይ ሓጎስ መዓልቲ እምበር፡ ናይ ብልዕን ክዳንን መዓልቲ ስለዘይኮነ ብብልዕን ብኽዳንን ኣውደኣመትኩም ክትዕቅንዎ ኣይግባእን።

ፍትዋት ተመሃሮ፡ ኣውደኣመት እቲ ዝዓበየ ክፋሉ ናይ ምሃብ ግዜ እዩ። እቲ ዘለዎ ኑቲ ዘይብሉ ዘካፍለሉ ግዜ እዩ። ምሃብ ድማ ካብ ንእስነትኩም ክትላመድዎ ስለዘለኩም ካብዚ ኣውደኣመት ምክፋል ጀምሩ። ካብቲ ኣብ ቤትኩም ዘሎ ሸሻይ ኑቶም ዘይብሎም ኣካፍልዎም። ኣውደኣመት ናይ ምክፋል መዓልቲ ስለዝኾነ ካብታ ዘላትኩም ኑቶም ዘይብሎም ሃቡ። ምስ ሃብኩም ድማ ሓጎስ ክስመዓኩም እዩ። ምስ ሃብኩም ሰላም ክህልወኩም እዩ።

ብዘዕባ እዝን ካልእን ምስ ወለድኩም ተዘራረቡ። ኣውደኣመት ናይ ሕውነት ግዜ እዩ። ኣውደኣመት ናይ ምሃብ ግዜ እዩ። ኣውደኣመት ናይ ፍቕሪ ግዜ እዩ። ስለዚ ኣውደኣመትኩም ነዚ ኣብ ግምት ኣእቲኹም ሕጉስ ኣውደኣመት ኣሕልፉ።


**ርሑስ ኣውደኣመት ንኹልኹም ተመሃሮ!!**




ፍትዋት ተመሃሮ እዛ ሰንጠረዥ ብምኽንያት ኣውደ-ኣመት ዝተዳለወት እያ። ኣብዛ ሰንጠረዥ ድማ፡ ኣብ ግዜ ኣውደ-ኣመት እንበልዕምን እንሰትዮምን ዘለና ነገራት ሒዛ ኣላ። ሃየ በሉ ኣብ ግዜ ኣውደ-ኣመት ዝብልዑን ዝስተዩን ነገራት ድለዩ። እትረኽብዎም ቃላት ንትኹል፡ ንጋድም፡ ንሰያፍ፡ ትኹል ግምጣል፡ ጋድም ግምጣል፡ ሰያፍ ግምጣል ክኾኑ ይኽእሉ። ግዜ ብምሓዝ ኣብ ክንደይ ደቓይቕ ከምዝወዳእኩሞ ኣረጋግጹ።

| | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ዓ | ዋ | ገ | ጸ | ካ | ሮ | ል | ታ | ን | ፋ |
| ሲ | ስ | ጋ | ባ | ኮ | ኤ | ር | ሰ | ስ | ል |
| ር | ጫ | ን | ዓ | ም | ብ | ሸ | ኮ | ቲ | መ |
| ስ | ድ | ጽ | ነ | ት | ሳ | ገ | ዓ | ት | ገ |
| ድ | ሚ | ን | ቶ | ዕ | ስ | ድ | ጊ | በ | ዶ |
| ለ | ድ | ራ | ና | ሕ | ፐ | ሎ | ጭ | ል | ዕ |
| ጊ | ሜ | ኤ | ፓ | ት | ራ | ት | ሺ | ኦ | ማ |
| ሓ | ድ | ራ | ክ | ጅ | ይ | ሓ | ግ | ላ | ዝ |
| ቶ | ር | ታ | ካ | ኽ | ት | ር | ጨ | ጎ | ራ |

ፍቱዋት ተማሃሮ ነዘን ፊደላት ብመስርዕ ብምልጋብ እዛ ስእሊ ምልእቲ ግበርዋ። ብድሕሪኡ ደስ ዝበለኩም ሕብሪ ልኸዩ።



# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ትምህርቲ ብትሕተ-ውነ

“ትምህርቲ ደኣ ምስ ውነና’ኳ ኣይከኣልን ኣይኮነን ብትሕተ-ውነ፡ ” ንብል ዶ ኣለና? ሓንጐልና፡ ምስ ውነና ንሃሎ ብዘይ ውነና፡ ስርሑ ስለዘይገድፍ፡ ኣብ ትሕተ-ውነ ንመሃሮ ወይ ንወስዶ ሓበሬታ እልቢ የብሉን። ምስ ውነና ከለና ንመሃሮን ትሕተ-ውነና ሓበሬታ ንምቃብ ዝጥቀመሉ ኣገባብን ነንበይኑ እዩ። ኣእምሮና ሰለስተ ደርጃታት ቅዲ ወይ ንቅሓት ኣለዎ፣ ውነ፡ ትሕተ-ውነን ውነ-ኣልቦን ይበሃሉ። ንትርጉምን ኣገባብን ስፍሕ ዝበለ መብርሂ’ኳ እንተ ሃለዎም፡ ንሕጂ ግን ብቕልል ዝበለ ክገልጾም ክፍትን።

ናይ ስምዒት ህዋሳትና ዝምእርርዎ ሓበሬታ ብኣድህቦናን ኣፍልጦናን ምስ ዝትግበር፡ ምስ ውነና ኣለና ይበሃል። ኣድህቦን ኣፍልጦን ምስ ዘይሕወሶ ግን ውነ ኣሎ ክንብል ኣይንኽእልን። ምስ ውነና የለናን ማለት ግን ናይ ስምዒት ህዋሳትና ኣይሰርሑን ማለት ኣይኮነን። ናይ ስምዒት ህዋሳትና ይሰርሑ ኣለዉ ማለት ከኣ ሓንጐልና ሓበሬታ ይእክብ ኣሎ ማለት እዩ። ደቂስና ከለና ምስትፋስ ኣይነቋርጽን ኢና፣ ሕማቕ ይኹን ጽቡቕ ሽታ ይሽትተና እዩ። እንተኾነ እንታይ እዩ ብንጹር ኣይንፈልጦን። ምኽንያቱ ኣድህቦና ስለዘየለ።

ትሕተ-ውነ፡ ካብ ምሒር ምድግጋም ናብ ኣውተማቲክ ወይ ቅጽበታዊ ንጥፈት ዝቕየሩ መስርሓት የጠቓልል። እዚ ንጥፈታት፡ ኣብ ገለ ግዜ ብኣድህቦ ዝተማህርና ኮይኑ፡ ምስ ልምዲ ብዘይ ኣድህቦን ምሕሳብን ዝካየድ ንጥፈት እዩ። ንመጀመርታ ግዜ ብርስሳ ምጽሓፍ ወይ ብሽክለታ ምዝዋር ክንላመድ ከለና ዝነበረና ደረጃ ኣድህቦን ሕጂ ምስ መለኽናዮ ንህቦ ኣድህቦን በበይኑ እዩ። ኣብዚ ደረጃ፡ ንልሙድ ዕዮና፡ ዝኾነ ኣእምሮኣዊ ጻዓት ከይገበርና ኢና ነተግብሮም።

እቲ ሳልሳይ ቅዲ፡ ውነ-ኣልቦ እዩ። ካብ ንእውለድ ክሳዕ ብህይወት ዘለና፡ ኩሉ ዝገበርናዮ ወይ ዝተመኩሮናዮ ኣጋጣሚ ወይ ንጥፈት ኣብ ሓንጐልና ተሰኒዱ ይርከብ። እንተኾነ ንኹሉ ክንዝክሮ ኣይንኽእልን። ምስ ግዜ ዓቢ ክፋል ናይቲ ዘይንጥቀመሉ ሓበሬታ፡ ናብ ውነ-ኣልቦ (unconscious) ብምስግጋር ይኽዘን። ዋላ ብዙሕ እንተ ጸዓርና ደቂ ሓደ ዓመት ከለና ንገብሮ ዝነበርና ንጥፈታት ዝዝክር ኣይርከብ። ነዚ ኣብ ውነ-ኣልቦ ዝርከብ ዝኽሪ ዝቕስቅስ ኣጋጣሚ ምስ ዝርከብ ግን በጨቕ ናይ ምባል ባህሪ ኣለዎ። ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ ግን ስምዒታት እምበር ኩሉ ዘጋጠመ ንዝክር ማለት ኣይኮነን። ንኣብነት፤ ኣብ ግዜ ቈልዕነትና ብዕራይ ወጊኡና ምስ ዝፈልጥ፡ ኣብ ሎሚ ኼንና ክንዝክሮ ኣይንኽእልን፡ ብዕራይ ምስ ራኣና ግን ሰንቢድና ክንሃድም ንኽእል። ክሳዕ ብግቡእ ፍርሕና ዝሓዊ’ውን ብዕራይ እናኽንርኢ ተደጋጋሚ ናይ ፍርሒ ተርእዮ ክፍጠር ይከኣል። ብዕራይ እንታይ ከም ዝገበረና ወላ ኣይንዝክሮ፡ እቲ ሽዑ ዝተፈጥረ ስምዒት ግን ይመጽኣና። ቅዲ ኣእምሮና፡ ኣብ ኩሉ ህይወትና ጽልዋ ኣለዎ፣ ንሎሚ ኣብ መስርሕ መምሃርን ምስትምሃርን ዘለዎ ጽልዋታት ክንድህስስ።

ንሕና ብእንቈጻጸሮ ኣገባብ ምምሃር፡ ምስ ብውነ ምምሃር ይሕሰብ። ክሳዕ ሕጂ ዝበዝሐ ስሩዕ ስርዓት-ትምህርቲ ዝኽተሎ ቅዲ ኸኣ እዩ። እዚ ኣገባብ መጀመርያ ዝተዳህሰሰ ኣገባብ ኣመሃህራ ስለዝኾነ፡ ንነዊሕ ዘመናት ከም እንኮ ኣማራጺ ከይዱን ይኸይድ ኣሎን። ንሓደ ቈልዓ ናብ ቤት ትምህርቲ ብምስዳድ፡ መምህራን ብምምዳብ፡ ብኣድህቦ ፍልጠት ክቕስም ይግበርን ይምዘንን። እዚ ኣገባብ ከምቲ ብዙሓት ዝብልዎ፡ ‘ኣረጊት ኣገባብን ክቕየር ዘለዎን እዩ’ ዝብል ተሪር ርእይቶ የብለይን። ነቲ፡ ‘ካልእ ኣገባባት ምስራጽ ፍልጠት ቦታ ክወሃብ የድሊ እዩ’ ዝብል ምጕት ግን ዝያዳ እድግፍ።

ፍልልይ ብውነ ምምሃርን ብትሕተ-ውነ ምምሃርን

ክንሓስብ ከለና፡ ኣእምሮና ምስ ውነኡ ኣሎ ክንብሎ ንኽእል። ኣብ ሓደ ስራሕ ተጸሚድና ንዓዩ ምስ ንህሉ፡ እቲ ዕዮ ንውነና ስለ ዝቈጻጸሮ፡ ካልእ ንጥፈታት ንምዕማም ትሕተ-ውነና ስርሑ ይጅምር። ንኣብነት፤ መኪና እናዘወረት ኣብ ዕሙር ዕላልን ሰሓቕን ዝተጸምደት መራሒት መኪና እንተ ርኢና፡ ነቲ ምዕላል ብውነኣ፡ ነቲ መኪና ምምራሕ ግን ብትሕተ-ውነኣ እያ ትዓሞ። ኣብ መንጎ ዝኾነ እንስሳ ውትፍ ምስ ዝበላ ግን፡ ኣድህቦኣ ናብ ምዝዋር መኪና መሊሳ እንታይ ክትገብር ኣለዋ ትሓስብን ትውስንን። ኣእምሮና ምሉእ ብምሉእ ምሕሳብ ወይ ምድሃብ ኣቋሪጹ እንከሎ፡ ንሕና ግን ኣብ ንጥፈት ምስ ንህሉ ነቲ ነተግብሮ ዘለና ንጥፈት ዝመርሕ ዘሎ ትሕተ-ውነና እዩ። ስነ-ፍልጠተኛታት፡ 95% ካብ መዓልታዊ ንጥፈታትና ብትሕተ-ውነና ከም ዝምእዘን ይኣምኑ። እዚ ማለት፡ ካብ ፕሮግራም ዝተገብረት ኮምፕዩተር ብ5% ጥራይ ኢና ንሓይሽ። ነቲ ኣብ ‘ህሉው ግዜ’ ዘገልግለና ‘ውነና’ ጥራይ ግምት ዘእተወ ምምሃር ምስትምሃር፡ ንውሑድ ክፋል ኣእምሮና ጥራይ እዩ ከም ዕላማ ሒዚዎ ዝርከብ። ብእኡ መንጽር፡ ውጽኢቱ ነቲ 5% ክፋል ኣእምሮና ጥራይ እዩ ዝጸሉ። ምስ ኣድህቦና ምስ ዘይንህሉ፡ እዚ ኣገባብ ምምሃር



ምስትምሃር ውጽኢቱ ይጕድል። ቈልዓ ስድርኡ ወይ ዓበይቲ ሰባት ኣብ ከባቢኡ ከለውን ዝዕዘቦ ሰብ ከም ዘየለ ምስ ኣስተብሃለን ዝፍጽሞ ተግባር ዝተፈላለየ እዩ። ኣእምሮና ኸኣ ብተመሳሳሊ፡ ምስ ውነና ከለና ንውስኖ እልቢ የብሉን፣ ካብ መዓልታዊ ልምድና ወጺእና ብኣድህቦ ንዓዮ ግን ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል። ካብ ስራሕና ናብ ገዛና ብሓንቲ መንገዲ ንመላለስ፣ መዓልታዊ ተመሳሳሊ ንጥፈታት ነካይድን ተመሳሰልቲ ሰባትን ንረክብ። ስለዚ ዋላ’ኳ ብውነ ምምሃር ኣብታ ግዜ ልዑል ጽልዋ ይሃልዎ፡ ዝበዝሐ ግዜ ኣእምሮና ኣብ ደረጃ ትሕተ-ውነ ስለዝዓዩ ካብ ኣስተውዒልና ንዓዮ ዝለመድናዮ ኣመላት ይብርትዕ።

ሓደ ተመሃራይ፡ ሓደ ወይ ክልተ ንጥፈታት ብውነ ክዓዩ ይኽእል። ሰለስተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ንጥፈታት እንተ ሂብናዮ ግን፡ ብደረጃ ትሕተ-ውነ ክስልጥነሉ ዘኽእል ኣገባብ የድልዮ። ስለዚ፡ ውነና ቀጥታ ንጥፈታት ክነጥፍ ጥራይ እዩ ዘኽእል። ንኣብነት፤ ንሓንቲ ተመሃሪት፡ ስነ-ቍጽሪ እናኣረዳእናያ፡ መልሲ ናይቲ ሕቶ ክትጽሕፎ ዕዮ እንተ ሂብናያ፡ ብደረጃ ‘ውነ’ ክትዓዮ ትኽእል። መኪና ምምራሕ ክንመሃር፡ ክልተ ኣእዳውንና ኣጋርናን ብዓቢኡ ኸኣ ኣእምሮና ኣብ ጸማዲ ስራሕ ስለዝኣቱ፡ ሓገዝ ትሕተ-ውነ የድሊ። ኣብ እዋን ምምራሕ መኪና፡ ዕላልን ሙዚቃ ምስትምቓርን እንተ ተሓዊስዎ፡ ውነና ብኻልእ ስለዝተሓዝ፡ ትሕተ-ውነ ነቲ ዝመለኽናዮም ንጥፈታት ምሉእ ብምሉእ ይዓዮ። ዝተፈላለየ ቅድታት ኣእምሮና (ውነ፡ ትሕተ-ውነን ውነ-ኣልቦን) ብምጣቃም ምስ እንምህር፡ ዝተፈላለየ ውጽኢት ንረኽበሉ። ናይቲ ውጽኢት ቀንዲ ፍልልይ ንርእየሉ ግን፡ ኣብ ምምሃር ካልኣይ ቋንቋ እዩ። ካልኣይ ቋንቋ ዝመሃሩ ተመሃሮ፡ ብደረጃ ‘ውነ’ ክንምህሮም ምስ እንፍትን፡ ካብቲ ዝመሃርዎ ዘለዉ ሓድሽ ቋንቋ፡ እቲ ኣቐዲሞም ዝመለኽዎ ቋንቋ ስለዝዕብልል፡ ነቲ ናይ ኣስተብህሎ ብቕዓቶም የዳኽሞ። ካልኣይ ቋንቋ ንዝዛረቡ እንተ ኣስተብህልናሎም፡ ኣብ ፈለማ ትህምርቶም ወይ ልምምዶም ነቲ ዝበርትየም ቃል በቲ ቀዲሞም ዝፈልጥዎ ቋንቋ እዮም ዝምልእዎ። ቋንቋ ንዛረበሉን ንረዳዳኣሉን መሳርሒ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንኮላይ መሕሰቢና እዩ። ሓድሽ ቋንቋ ክንመሃር ከለና፤ ምጽሓፍ፡ ምንባብ፡ ምስማዕን ምዝራብን ንመሃር ንኸውን፣ በቲ ሓድሽ ቋንቋ ምሕሳብ ክሳዕ ዘይመለኽናዮ፡ ነዞም ዝተባህሉ ኣርባዕተ ኣመራት ንሸሙ ጥራይ ኢና ክንከዶም። ቀልጢፍና ተሰፋ ክንቈርጽ ወይ ክንርስዖ ኸኣ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ፡ ብዘይካ እቲ ንመልኮ ቋንቋ፡ ካልእ ቋንቋ ክንመሃር ኣብ ንሓስበሉ፡ ከም ትምህርቲ ዘይኮነ ከም ስልጠና ሓሲብና፤ መዓልታዊ ልምምድ ከነካይድ፣ ምስቲ ቋንቋ ቅርበት ዝፈጥሩልና ንጥፈታት (ፊልም ምርኣይ፡ ደርፊ ምስማዕ) ከነዘውትር፣ በቲ ቋንቋ ዝዛረቡ ሰባት ምርካብን ብቐጻሊ ምዝራብን የድልየና። ካልኣይ ቋንቋ፡ ካብ ናይ ምስትብሃል ብቕዓት ንላዕሊ፡ ክይተሓለልካ ናይ ምልምማድ ዲስፕሊንን ብቕዓትን የድልዮ።

እዚ ንዘመናት ዝኸደ ን‘ውነ’ ኣእምሮና ዕላማ ዝገብር ስርዓተ-ትምህርቲ፡ ንልዑል ብቕዓት ኣስተብህሎን ኣድህቦን ዘለዎም ሰባት ዘሳሲ ጥራይ ኮይኑ’ዩ ተሰሪሑ። ከም ሳዕቤኑ ኸኣ ኣብ ነንሕድሕና ንዘሎ ፍልልያት ብቕዓት ኣስተብህሎ ከም መሳርሒ ብምጥቃም ክፈላሊ ጸኒሑ። ነቶም ብሕማም ኣእምሮን ዝሕታለን ዝሳቐዩ ኣካላት ሕብረተሰብ ከኣ ዕድላት ትምህርቲ ነፊግዎም ይርከብ። እቲ ኣብ ስሩዕ ስርዓተ-ትምህርቲ ብምእታውን ናይ በይኖም ክፍሊ ምሃብን ዝተፈጥረ ዕድል ጽቡቕ እዩ። እንተኾነ ፍልልያት ኣብ ብቕዓትን ጥዕና ኣእምሮኦምን ኣብ ግምት ዘየእተወ ኣገባብ ትምህርቲ፡ ስማዊ ጥራይ ከይከውን የሰግእ። ናይ ኣድህቦ ወይ ምስትውዓል ብድሆታት ዘለዎም ሰባት ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። ኣእምሮና ዋላ ምስ ውነኡ ዘየለ ኸሎ፡ ናይ ምምሃር ዓቕሚ ኣለዎ ንብል እንተ ሃሊና፡ እዞም ኣድህቦኦም ኣብ ሓደ ነገር ክገብሩ ዝጽገሙ ሰባት’ውን ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። እቲ ኣገባብ ካብ ኣብ ‘ውነ’፡ ንትሕተ-ውነ ዝዓለመ ስልጠና ብምሃብ ክቕየር የድሊ። ናይ ኣእምሮ ድስካለ ዘለዎም ቈልዑ፡ ንዝተዋህቦም ንጥፈታት ከድህቡሉ፡ ክሓስቡን ክዝክሩን ምኽኣል እዩ ዝብድሆም። እዚ ኹሉ ምስ ውነ ዝተሓሓዝ እዩ። ንኣብነት፤ ቍጽርታት፡ ካብ 0 ክሳብ 9 ክንምህሮም ምስ እንደሊ፡ በቲ ልሙድ ኣገባብ፡ ኮፉ ኣቢልና ክንምህሮም ንኽእል ኢና። እዚ ኣገባብ ግን በይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። ብተወሳኺ ነተን ደሊናየን ዘለና ቍጽርታት ኣብ ዝተፈላለዩ ንብረታት ወይ መንደቕ ምጥቃዐን፣ ብተደጋጋሚ ከም ዝቑጽሩ ምግባር (ክንደይ ባኒ በሊዕና፡ ክንደይ ኣሕዋት ኣለዉኻ፡ ክንደይ ኣእዳው ኣለዋኺ…)፣ ቍጽርታት ምስ ነገራት ምትእስሳርም (ኣነ 0፡ ኣደይ 1፡ ኣቦይ 2፡ ሓፍተይ 3 …)፣ ካልእን። ልዕሊ ኹሉ ግን ብዙሕ ምድግጋም ከም ዘድልየና ዘይምርሳዕ። ንዝሕታለ ኣእምሮ ዘለዎም ቈልዑ ይኹኑ ዓበይቲ ሰባት፡ ብትሕተ-ውነ ክዕየ ምስ ዝኽእል ሞያታት ምስልጣኖም ዝሓሸ ኣገባብ እዩ። ዝበዝሐ ናይ ሕርሻን መፍረ እንስሳታትን ዝተሓሓዝ ንጥፈታት፡ ኣብ ስነ-ጥበብ ከም ትልሂትን መሳርሒ ሙዚቃን፡ ኣብ ዓውዲ ምሕንድስና ምስ ማሽናት ምምራሕን ካልእን ክመሃሩ ይኽእሉ።

ዝተፈላለየ ዓውደ-ትምህርትን ሞያን፡ ዝተፈላለየ ቅድታት ኣእምሮ ዘካተተ ትምህርቲ ወይ ስልጠና የድልዮ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፡ “ብኽልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝተሰነየ ትምህርቲ ወይ ስልጠና ተዋሂቡ፡ ” ዝብል ዜና ወይ ሓበሬታ ሰሚና እንተ’ለና፡ ብውነን ብትሕተ-ውነን ተማሂሮምን ሰልጢኖምን ኣለዉ ማለት እዩ። እንታይ ዓይነት ትምህርቲ ወይ ስልጠና ንውነኣዊ ኣእምሮ ክዕልም ኣለዎ፡ እንታይ ከ ንትሕተ-ውነ ክዕልም ኣለዎ ምፍላጥ፡ ንእንህቦም ትምህርትን ስልጠናን ውጽኢታዊ ይገብሮ። ከም ምምሃር ካልኣይ ቋንቋ ዝኣምሰሉ ስልጠናታት፡ ንትሕተ-ውነ ዘሳትፍ ንጥፈታት ሰኣን ምስራዕ ተመሃሮና ኣደዳ ጭንቀትን ክሳራን ክንገብሮም ንኽእል። እቲ ኣገዳሲ ነጥቢ ግን፡ ኩሉ ሰብ በብደረጅኡ ክመሃርን ክስልጥንን ብቕዓት ኣለዎ ኢልና ምእማን እዩ። ንህቦም ትምህርትን ስልጠናን፡ ንኹሉ ተሳታፊ ብቕዓቱን ፍሉይነቱን ብምጽናዕ ኣድማዒ ክኾነሉ ዝኽእል ኣገባባት ምምሃርን ምስትምሃርን ምውዳድ፡ ምሉእ ሓላፍነት ናይቲ ክምህርን ክሰልጥንን ተቐሪቡ ዘሎ ኣካል እዩ። እዚ ምስ ዝግበር ጥራይ፡ ኣእምሮ ደቂ ሰብ ክሳብ ክንደይ ንትምህርትን ለውጥን ብቑዕ ምዃኑ ክንርእዮ ኢና።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Project Engineer**

   **Department: Process Plant**

   **Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Project Engineer will specialize in project feasibility studies and responsible for project engineering feasibility studies, planning, procurement, installation and commissioning of projects for expansion capital works.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Prepare, schedule, coordinate and monitor the assigned feasibility studies, mechanical, electrical, civil, structural etc project engineering works.
- Monitor compliance to applicable codes, practices, QA/QC policies, performance standards and specifications.
- Interact daily with the clients to interpret their needs and requirements and represent them in the field.
- Perform overall quality control of the work (budget, schedule, plans, personnel's performance) and report regularly on project status.
- Assign responsibilities and mentor project team.
- Cooperate and communicate effectively with Process Plant Engineer or delegate and other project participants to provide assistance and technical support.
- Review project's mechanical, electrical, civil, structural etc engineering deliverables and initiate appropriate corrective actions.

**MAIN FUNCTIONS**

- Assist the Process Plant Engineer or delegate to establish mechanical, electrical, civil, structural etc engineering packages, procedures, data collection methods, and performance standards.
- Prepare scheduled and necessary updates for mechanical, electrical, civil, structural etc works construction activities and analysis of manpower and equipment required
- Create and administer appropriate testing protocols to monitor mechanical, electrical, civil, structural etc works execution project performance
- Communicate with supervisors and subcontractors promptly of any construction schedule changes, and work closely with all stakeholders to ensure requirements are met
- Maintain budgetary, scheduling, and project database oversight, and report regularly to Process Plant Engineer or delegate
- Manage compliance, quality control, and quality assurance standards and specifications

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Planning
- Executing
- Closure

**UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION**

- Candidate must be physically medically fit.
- Attention to detail and ability to enforce engineering standards as required by specifications
- Excellent understanding of quality management systems on complete project life cycle

| **Qualifications**: | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| • Recongnized degree certificate in electrical/ civil/mechanical engineering<br>• Certification from an internationally recognized engineering body<br>• Project management | • At least 10 years of continuous experience in a similar role in a mining, engineering and construction background<br>• Advance understanding in project engineering and project life cycle management<br>• Advanced understanding in solar plant feasibility studies, plant installation and commissioning.<br>• Ability to formalize engineering procedures, templates and structures on projects |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Proven working experience as a Project Engineer & lead, Advanced MS Office skills/AutoCad, Familiarity with engineering rules, regulations, best practices and performance standards, Ability to work with multiple discipline projects, Project management and supervision skills | • Assertiveness, Good communication skills, Organised, Team player |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**

**Bisha Mining Share Company,**
**P.O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P.O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P.O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# Vacancy Announcement

ENFI-MCCT Mining Engineering P.L.C (ETME) is inviting applicants for the following positions for Asmara Copper-Gold Polymetallic Project Site.

**Position-6: Maintenance crew leader**
**Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction(PTC)Number Required: 2**
**Contract Type: Definite (1 year)**
**Major Duties and Responsibilities:**
1. Organize the team to repair and maintain all the equipment on the site.
2. Fill in the accessories and various oil plans required for repair and maintenance.
3. Perform other tasks assigned by the immediate leaders/supervisors.

**Qualification and Other Skills:**
Education: Junior high school and above
Work experience: 5 years
Additional skills and abilities:
1. Fluency in English languages.
2. Be familiar with various equipment on site.

**Position-7: Construction and technical management personnel**
**Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction (PTC)**
**Number Required: 2**
**Contract Type: Definite (1 year)**
**Major Duties and Responsibilities:**
1. Guide the site steel structure installation and civil construction, and assist the site production scheduling.
2. Make the technical disclosure, and sort out and preserve the relevant technical data.
3. Perform other tasks assigned by the immediate leaders/supervisors.
4. Prepare the site construction material demand plan according to the site situation.
5. Follow up the work plan of the superior department and report the problems to be solved on site in time.

**Qualification and Other Skills:**
Education: Bachelor degree in Construction Engineering
Work experience: 1 year
Additional skills and abilities:
1. Fluency in English languages.
2. Strong interpersonal & communication skills.

**Position-8: Scaffolder crew leader**
**Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction (PTC)**
**Number Required: 3**
**Contract Type: Definite (1 year)**
**Major Duties and Responsibilities:**
1. Organize the team to build the scaffolding according to the site situation.
2. Prepare the material plan and report it in advance according to the site situation.
3. Train and guide local workers to build scaffolding skills.
4. Be responsible for eliminating the safety problems of the team and correcting the unsafe behavior of the team personnel.
5. Perform other tasks assigned by the immediate leaders/supervisors.

**Qualification and Other Skills:**
Education: Junior high school or above
Work experience: 5 years
Additional skills and abilities:
1. Fluency in English languages.
2. Rich experience in management manager and scaffolding erection.
3. Responsible, diligent, and safety-conscious.
4. Special operation certificate

**Position-9: Steel bar crew leader**
**Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction (PTC)**
**Number Required: 3**
**Contract Type: Definite (1 year)**
**Major Duties and Responsibilities:**
1. Organize relevant work according to the site construction requirements.
2. Prepare the material plan and report it in advance according to the site situation.
3. Train and guide local workers to Steel bar skills.
4. Be responsible for eliminating the safety problems of the team and correcting the unsafe behavior of the team personnel.
5. Perform other tasks assigned by the leaders immediate/supervisors.

**Qualification and Other Skills:**
Education: Junior high school or above
Work experience: 5 years
Additional skills and abilities:
1. Fluency in English languages.
2. Rich experience in management manager and Steel related work.
3. Responsible, diligent, and safety-conscious.

**Position-10: Deputy Production scheduling**
**Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction (PTC)**
**Number Required: 3**
**Contract Type: Definite (1 year)**
**Major Duties and Responsibilities:**
1. Assist in the production scheduling to schedule the production of different sub-items.
2. Coordinate the production work of different sub-items to avoid cross operation and ensure the orderly progress of each sub-item.
3. Supervise the work of all kinds of production teams.
4. Perform other tasks assigned by the immediate leaders/supervisors.

**Qualification and Other Skills:**
Education: Junior high school or above
Work experience: 10 years
Additional skills and abilities:
1. Fluency in English languages.
2. Work experience in different positions.
3. Responsible, diligent, and safety-conscious.

**Position-11: Excavator operator**
**Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility Construction (PTC)**
**Number Required: 2**
**Contract Type: Definite (1 year)**
**Major Duties and Responsibilities:**
1. Operate the excavator to excavate according to the site construction requirements.
2. Manipulate the crushing hammer for the operation of crushing activities.
3. Operate the excavator skillfully for the slope repair work and the side ditch work.
4. Perform other tasks assigned by the immediate leaders/supervisors.

**Qualification and Other Skills:**
Education: 6th and above
Work experience: 1 year
Additional skills and abilities:
1. Fluency in English and Tigrigna languages.
2. Have safety awareness.

General Information and other requirement
- Place of Work: : Embaderho Site
- Salary : As per the Company scale
- Type of contract: Definite (One year)

Additional requirement for nationals
- Having fulfilled his/her national service obligations and provide evidence of Release paper from Ministry of Defense
- Present clearance from current /last employer or Unemployment card from Labor office
- Testimonial documents to be attached (CV,work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only short listed applicants will be considered as a potential candidate for an interview
- Application documented will no be returned to sender.
- Deadline for application is Two Weeks from the date of publication on the newspapers.

Address: Please send your application to;
ENFI-MCCT Mining Engineering PLC (ETME)
P.O.Box 6547 Asmara, Eritrea

Note: You may also send to Mineral Resource Managment
Department of Mine –Human Resource Management
P.O.Box 272 Asmara, Eritrea

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ሰገን ብርሃ ክፍለማርያም፡ ተኸሳሲ የናታን ልዋም ሃይሉ፡ ናይ ሞዝዚትት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ኣድያም የማነ ኣስገዶም፡ ኣርያም የማነ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

መም. ብርሃ ኣብርሃ ባህታ፡ ኣቦይ ኣብርሃ ባህታ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ህሉዋት ኣሕዋተይ 1መዋቲ ተተካኢቲ 5 ደቂ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናዬል ሚካኤል ገብረሃዋርያት ምባል ተሪፉ፡ መሴ ሚካኤል ገብረሃዋርያት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ቤተልሄም ተስፎም እዮብ ምባል ተሪፉ፡ ቤተልሄም ተስፎም እዩሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓጎስ ዑቕባሚካኤል ወልደሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ሃብተ ተስፋስላሴ ዘቢብ ስለ ዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 2+ ደቂ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሂማን ተኸለ ተስፋየሃንስ፡ በዓል ቤተይ ኣንከም ተስፋይ ስለ ዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1ጓሉ ደማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ የሴፍ ተስፋገርግሽ የውሃንስ ወኪል ወ/ሮ ኣልማዝ ተወልደ ገብረየውሃንስ፡ የሴፍ ተስፋገርግሽ የውሃንስ ምባል ተሪፉ፡ የሴፍ መዛግን ርእሶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተስፋልደት ሃይለ ታደለ ምባል ተሪፉ፡ ሄኖክ ሃይለ ታደለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

መብራህቶም ኣብርሃለይ ስዩም ምባል ተሪፉ፡ መብራህቱ ኣብርሃለይ ስዩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ የማነ ገብረይ ስላሴ፡ ሃይማኖት ምስጥና ሓጎስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሓፍን ጀማል ጣሁ፡ ስም ኣደይ ዓእሻ መሓመድ ብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ዓእሻ መሓመደሰዒድ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ፊልሞን ለጂ ማትያስ ምባል ተሪፉ፡ ፊልሞን ለዊጂ ማትያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሬዘኑ የማነ ምባል ተሪፉ፡ ሬዘኑ ገብረሂወት ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሕርይቲማርያም የሃንስ ኣረፋይነ ምባል ተሪፉ፡ ሜሪ የሃንስ ኣረፋይነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበትት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣስመሮም እዮብ ቀለታ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ኤደን ግርማይ ፍሩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ኤልሳ መሓሪ ንዋዩ ምባል ተሪፉ፡ ኤልሳቤጥ መሓሪ ንዋዩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ።

ሚካል ተስፋልደት የውሃንስ፡ ኣቦና ተስፋልደት የውሃንስ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ።

ትብለጽ ባዩሩ ወልደሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ትብለጽ ባሁሩ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ።

ባሮሊ ናስር ዓሊ ምባል ተሪፉ፡ ኣሕመድ ናስር ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ።

ርዖ መድሃኔ መሓሪ ምባል ተሪፉ፡ ናህ መድሃኔ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ።

ናታን ክብረኣብ ቀለታ፡ ስም ኣደይ እዝጊሃርያምን ኣብርሃ ዓንዳይ ምባል ተሪፉ፡ ሰላም ኣብርሃ ዓንዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ኣስገዶም ኒጋሽ በየ፡ ተኸሳሲ ወ/ሮ ኣምለሰት ዘርዩ ገ/ሂወት ናይ ፖዝዘብ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ወ/ሮ ሩታ ክፍለ ገብረሃዋርያት፡ ኣዴና ቅድስቲ ተስፋማርያም መንግስቱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሊድያ ሃይለ ሰለሙን፡ ኣደይ ወ/ሮ ኣልጋሽ ኣማረ ተኽለዝጊ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣመልካቲት ኣነ ራህዋ ቀለታ ተኽለሚካኤል፡ ብስም ብዓል ቤተይ ነፍ/ ያሬድ ጴጥሮስ በራኺ ዝተመዝገበ ሰነድ ዋንነት ኣብ ምም/ን/ዞባ ኣኾወል ናይ ዝርከብ ገዛ ንብረት ቁጽሪ መ/3433/013 ብዕለት 11/04/2013 እተዋህበና ኦሪጂናል (ዋና) ሰነድ ስለ ዝጠፍኣና፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣሎ'ኹ ዝበል ሰብ ምስ ዝህሉ ብቁ.ተሌ 07241455 ክሕብረኒ እሓትት። ሓበሬታ ምስ ዘይረክብ ግን ካብ ቤ/ጽ/ ኖታዮ ወይ ቤ/ጽ/ምዝገባ ንብረት ካዳስተር ሓደሽ ሓቲተ ከምዝወጸኣ እሕብር።

ራህዋ ቀለታ

ኣነ ወራሲ ዶሞኒኮ ካታንዮ ጁዘፔ ቁ. መንነት መንበሪ ፍቓድ 1544716 ተመዝጊቡ ዘሎ ኣብ መንግስ ብዘገበርናዮ መተኣማመኒ ሰነድ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ሰ/ምዕራብ ምም. ማይተመናይ ጎደና 149-4 ቁጽሪ ገዛ 3 ፕሎት 46R ቁ/ፓርሰል ዞን ASP00028050 ስፍሓት መሬት 161.94 ት ሜትር ቁ. ምዝገባ ንብረት ካዳስተር 5175885954 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብመሸጣ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ'ውን ናይ መውዓእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።


ዶሞኒኮ ካታንዮ ጁዘፔ
ሕጋዊ ወኪል ኣቶ ረናቶ ሙንነ ቶማዞ


## ዓቢ ብስራት ካብ ቀለተ ሆቴል

ቀለተ ሆቴል፡ ርሑስ በዓል ፋሲካ ከምኡ'ውን ርሑስ በዓል ቅንያት ናጽነት እናበለ፡ ሰናይ ናይ ዕረፍቲ ግዜኹም እናተመነየ፡ ንዓኹም ኮነ ንደቅኹም፡ ንፈተውትኹም ኮነ ነሩኻትኹም እትዘናግዕሉን እተዕርፉሉን ከምኡ'ውን ንመርዓ ኮነ ንሕጹ ንዝተፈላለዩ ግብጃታት፡ ቀለተ ሆቴል ይኹን ምርጫኹም።
ቀለተ ሆቴል ካብ 5 ግንቦት 2024 ስርሑ ከም ዝጀመረ ብዓቢ ብስራት ክንሕብረኩም ንፈቱ።

ቴሌ 07112809
ብደሓን ምጹ


## ምስጋና



ብመስዋእቲ ተጋ/ኢንጂነር ሕሩይ ዑቕባዜን ገብረክርስቶስ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስኩም ካብ ወጻኢ ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ኩሉኹም ስድራቤትን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና፡ ብልቢ ነመስግን።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣልጋሽ ገብረኣልፋን
ደቁን ኣሕዋቱን ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብዕረፍቲ እኖኽሓ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ሓዳስ ሃብተገርጊሽ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ እግሪ መኸል (ድብበቲ) ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስኩም ብቴሌፎን ካብ ወሽጥን ወጻእን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ደቃ ኒጉሲ ሰለሙን ወይኒ ሰለሙን መድህን (እምባፍረሽ) ሰለሙን ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እኖኽሓ ኣዴና ኣምለሰት ተስፋይ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ካብ ሕማማ ክሳብ ዕረፍታ ከምኡ'ውን ክሳብ ሕምብርቲ ኬድኩም ዘቃበርኩምና ከምኡ'ውን ኣብ ገዛና ብምምልላስኩም ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ኩሉኹም ልዑል ምስጋናና እናቕረብና፡ ሓዘንና ከምዝዕጸና ንሕብር።

ምሉኣት ኣሕዋትን ስድራቤትን
በረኸትኣብ ገለ (ዓቀይታይ)

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ኣዚና እኖኽሓ ኣዴና ተብርህ ተስፋማርያም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ከተማ ጀኑቫ ካብ ሕማማ ክሳብ ዕረፍታን ሬሳ ኣብ ምልኣኽን ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድ ቤተ-ክህነት ቅዱስ ሚካኤልን ማሕበረ ሰብ ኤርትራ ኣብ ከተማ ጀኑቫ ህዝብን ከምኡ'ውን ሬሳ ኣብ ኣየርፖርት ዝተቐበልኩምናን ክሳብ ሕምብርቲ ኬድኩም ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻኢን ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና ኩሉኹም ልዑል ምስጋና እናቕረብና፡ ሓዘንና ከምዝዕጸና ንሕብር።

ወደን ኢያብ በረኸትኣብ (ወዲ ዓቀይታይ)
ሓወን ኢሳቕ ተስፋማርያም
ምስ ምሉኣት ኣሕዋትን ስድራቤትን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣቶ በሺር ተስፋይ ኣልመዶም፡ ሓብተይ እሙና ተስፋይ ኣልመዶም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ናርዶስ ጉብረእግዚኣብሄር ተኻለ ምባል ተሪፉ፡ ናርዶስ ጉብረእግዚኣብሄር ጸጸ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሊድያ ጎይትኦም ኣርኣያ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ናትናኤል ወልደገርግሽ ናይ ሞግዚትነት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ሳዑዳ ሕሸን ሓምድ ምባል ተሪፉ፡ ስዕዲ ሓሴን ሓሚድ ተባሂሉ ይተኣለመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ናህም በረኸት በርሀ፡ ኣቦና ኣቶ በረኸት በርሀ ጉብረሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ እዝገኣምን ወልደጋብር፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሚካኤል ኣብርሃም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/5/24 ኣብ ቤፍ/ ቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ንግስቲ ሳሙኤል፡ ወደይ ኣማኑኤል ሓጎስ ሃይለ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋቱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣይዳ ኣስገዶም ካፍል፡ በዓል ቤተይ ኣቶ መንግስቱ ኣሰፋው ተኽለ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸልናም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ልዋም ዳዊት ደባስ ምባል ተሪፉ፡ ልዋም ደበበ ቸርነት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ንጸሃ ኪዳነ ጉብረኣብ፡ በዓል ቤተይ ጉብረብርሃን ናትናኤል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዳዊት መብራህቱ ኣርኣያ፡ በዓልቲ ቤተይ የርዳኖስ ኢያብ ስለዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ሰዒድ መሓመድ ዓሊ፡ ስም ኣደይ ፋጥና ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና ኣሕመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ናስረዲን ሳልሕ፡ ስም ኣደይ ኣማ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ኣሶማ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳሮን ሚካኤል ኪዳነ፡ ስም ኣደይ ሚለ ብርሃን መሓሪ ምባል ተሪፉ፡ ምልእተ ብርሃን መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሳዕድያ በሽር መሓመድኑር ምባል ተሪፉ፡ ሳዕድያ መሓመድበሽር መሓመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጽጌረዳ ሃብተማርያም ወልደሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ጽገና ሃብተማርያም ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ሄለን የማነ ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ራሄል የማነ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኣርኣያ ጉብረኪዳን ኪዳነ፡ ኣቦይ ኣቶ ጉብረኪዳን ኪዳነ ንጉሰ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ወራሲኡ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቢንያም ተወልደ በርሀ ምባል ተሪፉ፡ የናስ ተወልደ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኪዳነ ተወልደ በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ሰም ተወልደ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሄርሞን ተኽለወይኒ ኣፈወርቂ ምባል ተሪፉ፡ ኣሮን ተኽለወይኒ ኣፈወርቂ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መሰረት ጉብረእግዚኣብሄር ነጋሽ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ኣብርሃም ኣረፋይነ ብርሃነ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ መርሃዊት ጉብረትንሳኤ ጉብረመድህን፡ በዓል ቤተይ ክብሮም ተስፋይ ተወልደ፡ ድሕሪ 2014 ዓ/ም ወርሒ 04 ካብ ገዛ ምስ ወጸ ደሃይ ስለዘይብለይ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡


ጉብረመስቀል ተስፋዝጊ ኪዳነ ምባል ተሪፉ፡ መርሃዊ ተስፋዝጊ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ንግስቲ ኣርኣያ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ስነስርዓት ቀብሪ ኣብ እምባደርሆ ዝቓበርኩምና፡ ገዛና ብምምልላስኩን ካብ ወሽጥን ወጻኢ ሃገር ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና ይብሉ፡፡

ደቃን ኣሕዋ ደሞዙ ሰለሙን ምጽላል፡
ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክቡር በዓል ቤተይ ኣቶ ብርሃነ ተኽለ ክፍሉ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩምናን ኣብ ሃገረ ካናዳ ዝቓበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣስቴር ጉብረእዝጊኣብሄር
ምስ ደቂን ምሉኣት ስድራ ቤቱን

ብዝዕባ ኣባላት ማሕበር ወነንቲ መካይን ዋይት ሽፋጣ ወፍርን ምትሕግጋዝን ጅዳ ስዑዲ ዝምልከት፡፡

ብመሰረት ናይ መበል 19 ጉባኤ ኣብ 14-15/02/2024 ዝተዋህበ ውሳኔ ንኹሉ ኣባል ማሕበር ኣብ ዝዝለወ ይሃልው ኣብ ሃ.ኮ.መ.ኤ ብርክ. ኢንሹራንስ ዘለዎ ምሉእ ብጽሒቱ ንኸወስድ ከምኡ'ውን ንዘበሃረት ኣባላት ማሕበር ዝበኩ ናይ ወረስቲ ብቤት ፍርዲ ዝተረጋገጸ ንሓደ ካብ ወረስቲ ወኪሉም ናይ ባንኪ ቁሕሳብን ቁመንነቶምን ካብዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ኣብ ውሽጢ 3 ወርሒ ከረክቡ፡፡ ንዝያዳ ሓበሬታ ዝምልከት ኣብ ስዑድያ ጅዳ ኣስመራን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩ ነተሓሳስብ፡፡

ጅዳ= 0501239781 ወይ 0506639647
ኣስመራ = 07288049 ወይ 07120968
ማሕበር ወነንቲ መካይን (ዋይት) ወፍርን ምትሕግጋዝን

ኣብ ምም. ን/ዞባ ጎዳይፍ (ቀሓውታ) ዚፕ 1A713 ፕሎት 53 ፓርሰል MI ዝርከብ ብስም ኣቶ ፍስሓጼን ክፍለም +2 ዝፍለጥ ገዛ በመለለይ ቁ.ንብረት 1.006949 ኣብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዓዲጆስ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ናይ መኣገዲ ሰድ ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ናብ ሃገራዊ ካዳስተርን ፓፕሊክ ኖታርን ይቕረብ፡ እንተዘይኮይኑ ግን ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተረጋጊጹ መሰርሕ ምትሕልላፍ ናብ ስመይ ክቕጽል ምዃነይ ኣፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ትብርሀ ገረዝጊሄር

ብስም ስብሓት ዘርኣ ወልደገርግስ +14 ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ገዛባንዳ ዝባን ሰንቀይ ፕሎት 298 ፓርሰል J ዚፕ ኮድ 1A756 ጎደና ዳምባ ስፋሓት መሬት 250 ት/ሜትሮ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለይ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM016210/1 ብዕለት 23/01/2024 ዓ/ም ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ዝኾነ ብዕለት 29/04/24 ዓ/ም ስለ ዝዓደኩዎ፡ ዝቃዎም እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ወይ'ውን ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር የቕርብ፡፡ እንተዘየለ ናብ ስም ዓዳጋይ ከመሓላልፎ ምዃንና ንሕብር፡፡

ሰለሙን በረኸት ጉብረማርያም

### ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ኣቶ መኮነን ጉብረኣምላኽን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሰለሙን መብራህቱን ዝተፈጥረ ክርክር፡ 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብስም ብፍ/በ/ዕዳ ዝፍለጥ ንብረት ብሓራጅ ተሸይጡ ንፍ/በ/መሰል ገንዘብ ክኽፈሎ ኣዚዙ፡፡ ስለዚ እዚ ዝስዕብ ንብረት፡፡

1. ሞተር ሳይክል በዓል 3+ እግሪ ሰኾይ ዝዓይነታ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ዘሎ — ዋጋ 150.000 ናቕፋ
2. ሞተር ሳይክል በዓል 2+ እግሪ ሰኾይ ዝዓይነታ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት — ዋጋ 150.000 ናቕፋ
3. ጀነሬተር TECNO ዝዓይነታ KW3-5 3PH — ዋጋ 30.000 ናቕፋ
4. ፍሪጅ ——— ዋጋ 30.000 ናቕፋ
5. ሰፍሳፊት ናይ ባሎቲ——— - ዋጋ 40.000 ናቕፋ

ጠቕላላ መጠኑ ዋጋ 400.000 ናቕፋ ኮይኑ፡ ኣብዚ ሰዒቡ ዝተጠቕሰ ንብረት ንዝዋገር ሓራጅ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ናይ'ቲ መውዳደሪ ዝረቐሐ መጠን ገንዘብ ብጽሑፍን ብኣሃዝን ብምድላው ብዕሹግ ሰታሪት ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ 5+ ናይ ስራሕ መዓልታት ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ የእቱ፡፡ ኣብ ዕለት ሓራጅ ድማ 1/4 ናይዚ መጠኑ ዋጋ ዝሓዘ ብስም ዝተመዝገበ ተጠራቃሚ ሕሳብ ባንክ በቶ ወይ ብስም ፈ/ፍርዲ ኣሰራሒ ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክውዳደር ይኽእል፡፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/65 መጺኡ ይወከስ፡፡ ነዚ ሓራጅ ዝቃወም፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን፡፡

ዕለት ሓራጅ፦ 07/6/24
ቦታ ሓራጅ፦ ላ/ቤ/ፍርድ ቁ/27
ሰዓት ሓራጅ፦ 3፡00 - 4፡00 ድ/ቀ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ቅነ-ስፖርት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ተዛዚሙ

“ስፖርታዊ ውድድራትና ንቐሎ ንልምዓት ድልዋት ንሽሉ እንተታት፡” ብዝብል ቴማ ብ1 መጋቢት 2024 ኣብ ሜዳ መትከል ኣብዩት ዝጀመረ ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ኣብ መንጎ 7 ጋንታታት፡ ተግባራት ሜዳ ሓዊሱ ብ4 ዓይነታት ስፖርት ውድድራቱ ክካየድ ድሕሪ ምጽናሑ፡ ብሰሉስ 30 ሚያዝያ ጠቒሉ። ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ፡ ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ሜ/ጀነራል ተኽለይ ሃብተስላሴ፡ ኣዛዚ እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ብ/ጀነራል ሓደሽ ኤፍሬም፡ ሓለቓ ስታፍ እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ብ/ጀነራል ፍጹም ገብረሂወት፡ ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ካልኦት ኣዘዝቲ ሰራዊትን ሰብ ስልጣን መንግስትን ሰራዊትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ሜዳ ራሱ-ሎማስ መጋረጃኡ ዓጽዩ።

ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ዕለት፡ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ጋንታታት ዓዲ ርሶን ብደሆን ኣብ ዝተየደዎ ግጥም፡ ተጻወትቲ ጋንታ ዓዲ ርሶ ናይዚ ቕነ ስፖርት ዝቐልጠፈት ሸቶ ብምምዝጋብ መሪሕነት ሒዞም። ጸሬሓም'ውን ካልኣይቲ ሸቶ ብምምዝጋብ ንመሪሕነቶም ደርዒ ወሲኾምሉ። እቶም ክልተ ዕድል ሒዞም ንሜዳ ዝኣተዉ ተጻወትቲ ብደሆ፡ ሚዛን ጸወታ እኳ እንተተቘጻጸርዎ ክስልጥዎ ግን ኣይከኣሉን። ድሕሪ ካውሒ ፈተነ ግን ካብ ስዕረት ዘናገፈቶም ሸቶ ኣመዝጊቦም። በዚ ኸኣ ጋንታ ዓዲ ርሶ ኣብ ልዕሊ ብደሆ ዓወት ብምምዝጋብ ሻምፕዮን ቕነ ስፖርት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ 2024 ክትከውን በቒዓ። ብናይ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ጋንታ ኣልጌን ካብ መዙኣ ጸብለል ብምባል ኣኽሊል ሻምፕዮን 2024 ደፊኣ። ቃና መልጌታ ካብ ጋንታ መድሕን ብ9 ሸቶታት ብሉጽ ኣመዝጋቢ ሸቶ ክርቋሕ እንከሎ፡ 12 ሸቶታት ብምምዝጋብ ደማ ክትሕዝ እንከላ፡ ብደቂ ተባዕትዮ ደማ ጋንታ ብደሆ ዕወትቲ ኮይና።



ወይኒ ገብረመስቀል ካብ ኣልጌን ብልጽቲ ኣመዝጋቢት ሸቶ ኮይና።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ፡ ጋንታ ባርዕ ብደቂ ተባዕትዮን ብደቂ-ኣንስትዮን ዕወትቲ ቅነ ስፖርት 2024 ኮይና። ኣብ ውድድር ጉያ እግርን ተግባራት ሜዳን ደማ ብደቂ-ተባዕትዮ ጋንታ ዓዲ ርሶ፡ ብደቂ ኣንስትዮ ከኣ ኣልጌን ሻምፕዮን ኮይነን።

እዚ ቕነ ስፖርት ኣብ ዘሳሰሎ ውድድራት ጩመት ተኸሲ፡ ብደቂ-ኣንስትዮ ጋንታ ኣልጌን ቀዳማይ ደረጃ

ኣብዚ ንኣስታት ክልተ ኣዋርሕ ብኽልቲኡ ጾታ ክሰላሰል ዝጸንሐ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ጋንታ መድሕን ብዘርኣየቶ ስፖርታዊ ጭወት ናይ ጠባይ ተሸላሚት ክትከውን እንከላ፡ ጋንታ ኣልጌን ደማ ብዘመዝገበቶ ወሃሉል ዓወት ጉብሉል ቅነ ስፖርት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ 2024 ብምዃን ሽልማታ ካብ ኢድ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮሃንስ ተቐቢላ።

## ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ውድድር ኩዕሶ ሰኪዐትን ባድሚንተንን ጀሚሩ

ብምኽንያት መበል 33 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ኣብ መንጎ ጋንታታት ኩዕሶ ሰኪዐት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝካየድ ናይ ‘3 ኣብ 3’ ውድድር ኩዕሶ ሰኪዐት ብ1 ግንቦት ኣብ ሜዳ ቦውሊንግ መእከር ደንደን ፈሊሙ።

ኣብቲ ናይ መኽፈቲ ዕለት ካብ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ዓምበርብዕ ንሰንጦቕ 19-ብ4፡ ንሰሪ ንሳዋ 4-ብ3 በፈር ደማ ንመኸተ 20-ብ13 ከም ዝሰዓረአን ተፈሊጡ ኣሎ። ኣብ ዶሞማይ ርክበን ሓሬና ንመኸተ 9-ብ5 ክትረትዓ ከላ፡ ዓምበርብዕ ደማ ንንሰሪ 15-ብ1 ሰዒራታ።

ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር፡ ሸዑላ ንኽብጌ 11-ብ8፡ ሳዋ ንብደሆ 17-ብ8 ከምኡ'ውን ዓምበርብዕ ንሓሬና 18-ብ12 ሰዒረንአን። ንሰሪ ምስ ሰንጦቕ ኣብ ዝገበርዎ ውድድር፡ ተጻወትቲ ንሰሪ መሳጢ ብቕዓት ብምጽብራቕ ኣብ ልዕሊ ሰንጦቕ 15-ብ12 ተዓዊቶም። ድሕሪዚ ግጥም፡ ጋንታታት በፈርን ብደሆን መሳጢ ውድድር ኣርእየን ነይረን። እዘን ክልተ ጋንታታት ኣብ ምዱብ ሰዓት ማዕረ 16-ብ16 ብምፍልላየን ካልኣይ ጸወታ ክካየደን ተገዲደን። ኣብዚ ካልኣይ ጸወታ ቀዲማ ክልተ ሸቶታት ዘቚጸረት ጋንታ ትዕወት ብምንባሩ ተጻወትተን ጥንቃቐን ቅልጣፈን ዘለዎ ጸወታ'የም ኣርእዮም። ተጻወትቲ በፈር ቀዲሞም ክልተ ሸቶታት ከቚጽሩ ብምኽኣሎም ከኣ ኣብ ልዕሊ መጋጥምቶም 18-ብ16 ተዓዊቶም ወጺኦም። ኣብ መውዳእታ ጋንታታት ሓሬናን ክንፍን እየን ተራኺበን። ሓሬና ደማ 14-ብ10 ተዓዊታ ወጺኣ።




እዚ ውድድር ብሓሙስ'ውን ብውድድር ባድሚንተን ቀጺሉ ከም ዘወዓለ ካብ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ርክብት መኮንን ሓበሬታን ኸዕዳሰን ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣፍሊጡ። ኣብ ናይ ንጽል ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ፣ ሓሬና ንሳዋ 2-ብ0፡ ዓምበርብዕ ንበፈር ከኣ ብተመሳሳሊ 2-ብ0 ክስዕረአን ከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ሓሬና ንሰንጦቕ 2-ብ0 መኸተ ከኣ ንብደሆ 2-ብ1 ረቲዐንአን።

ኣብ ናይ ድርብ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ፣ ዓምበርብዕ ንሳዋ ሰንጦቕ ከኣ ንብደሆ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-ብ0 ክስዕረአን ከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ሳዋ ንሓሬና 2-ብ1፡ ብደሆ ንዓምበርብዕ 2-ብ1፣ በፈር ከኣ ንሰንጦቕ 2-ብ0 ተዓዊተናለን። ውድድር ባድሚንተን ሎሚ ቀዳም'ውን ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ክካየድ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

## ሓጸርቲ ዜናታት

- እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንወዲ 22 ዓመት ፈረንሳዊ ኣከፋፋሊ ክሪስታል ፓላስ ሚካኤል ኣሊሰ ንምፍራም ኣብ ዝገበር ዘሎ ቀልስ ሳዕለዋይ ኢድ ሒዛ ከም ዘላ ተገሊጹ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እታ ጋንታ ንወዲ 26 ዓመት እንግሊዛዊ ኣጥቃዓይ ማርከስ ራሽፎርድ ብ80 ሚልዮን ፓውንድ ክትሸጦ ከም ዝመደበት ይግለጽ ኣሎ።
- ኢጣልያዊት ጁቬንቱስ ኣብ ማእከል ምስመር ወዲ 22 ዓመት እንግሊዛዊ መይሰን ግሪንዉድ ጸቢቑ ንኺጋስ ተመዝጊዙብ ከም ዘላ ተሓቢሩ። ግሪንዉድ ኣብዚ እዋን ብመልክዕ ልቓሕ ካብ ዩናይትድ ናብ ገታፈ ኪይዱ ከም ዘሎ ይፍለጥ።
- ኣሰልጣኒ ባርሰሎና ዣቪ ንወዲ 29 ዓመት ፖርቱጋላዊ ኣከፋፋሊ ማንቸስተር ሲቲ በርናንዶ ሰልቫ ይሓተሉ ከም ዘሎ ተገሊጹ። ዌር መሪኽ'ውን ኣብ ልዕሊ'ዚ ተጻዋታይ ተገዳሲት ኣሕዲራ ብምህላዋ፡ ዣቪ ከቢድ ተጻብኦ ኪጋጥሞ ከም ዝኽእል ይግመት። ባርሰሎና ንኣከፋፋሊ መሪኽ ጆሽዋ ኪሚች'ውን ዓይና ኣውዲቓትሉ ኣላ። እዛ ጋንታ ዝመጽእ ክራማት ማስመር ምክፍፋላ ከተተርኽዕ ወጢና ከም ዝላ'ዩ ዝሕበር።
- ብቐድሚ ትማሊ ምሸት ንቶተንሃም 2-ብ0 ብምስዓር ዘስንበደት ቸልሲ፡ ንናይ ቅድም ሓላዊ ልዳት ኣርሰናል ቸሲ ተዘራርቦ ከም ዘላ ተሓቢሩ። ቸሲ ኣብዚ እዋን ምስ ጁቬንቱስ'ዩ ዝጻወት ዘሎ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ቸልሲ ኣብ ክራማት ብናጻ ካብ ፉልሃም ክወጽእ ምዃኑ ዝነገረሉ ዘሎ ቶሲን ኣዳራብዮ ንምውሳን ምስ ኒውካስል ኣብ ውድድር ኣትያ።
- ማንቸስተር ሲቲ ንተኸላኻላይ ቸልሲ ያን ማትሰን ትከታተሎ ከም ዘላ ተፈሊጡ። እዚ ወዲ 22 ዓመት ተጻዋታይ ኣብዚ እዋን ብመልክዕ ልቓሕ ምስ ብሩሽያ ዶርቱምንድ'ዩ ዝጻወት ዘሎ።
- ሊቨርፑል ኣብ ማእከል ምስመር ናይጀሪያዊ ኣጥቃዓይ ናፖሊ ቪክቶር ኦሲምሀን ምስ ፒኤስጂ ኣብ ውድድር ኣትያ። ፒኤስጂ ነዚ ተጻዋታይ 130 ሚልዮን ኤሮ ሰሊዓትሉ ከም ዘላ'የም እሙናት ምንጪታት ዝሕብሩ።
- ምክትል ፕረዚደንት ኢጣልያዊት ክለብ ኢንተር ሚላን ጃቪየር ዛኑቲ፡ ከዋኽብቲ ተጻወትቲ እታ ጋንታ ዝኾኑ ላውታሮ ማርቲነዝን ኒኮሎ ባሬላን ሓደሽ ውዕል ክፍርሙ ምዃኖም ብርእሰ ተኣማንነት ተዛሪቡ።




## ዩናይትድ ንራብዮት ተማዕዱ




እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንኣከፋፋሊ ጁቬንቱስ ኣድሪያን ራብዮት ንምውናን፡ ዶሞማይ ትፍትን ከምዘላ መርበብ ሓበሬታ ደይሊ መይል ንእሙናት ምንጪታት ኦልድ ትራፎርድ ብምጥቃስ ኣፍሊጡ። ወዲ 29 ዓመት ኣድሪያን ራብዮት፡ ኣብዚ ዓመት ኣብ ጁቬንቱስ መሳጢ ብቕዓት ከርኢ ብምኽኣሉ ብሓለፍቲ ቦርድ እታ ጋንታ ተደላዪ ተጻዋታይ እዩ ኮይኑ ዘሎ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ከተማ ቱሪን ዘለዎ ውዕል ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ ስለ ዝውዳእ፡ ዩናይትድ ኣብ ምውናን እዚ ተጻዋታይ ክትዕወት ከም እትኽእል ኣብ ማእከል ምስመር ተጻወትቲ እኹል ኣፍልጦ ዘለዎም ወገናት የረድኡ። ዩናይትድ ዝሓለፈ ዓመት ነዚ ፈረንሳዊ ተጻዋታይ ብናጻ ማእከል ምስመር ናብ ኦልድ ትራፎርድ ከተምጽኦ ሓሲባ'ኳ እንተነበረት፡ ደሞዙ ስለ ዘኸበሩ ግን ኑቲ ማእከል ከም ዘወዝዕፈቶ ኣይርሳዕን። በዚ ከኣ ራብዮት ምስ ጁቬንቱስ ናይ ሓደ ዓመት ውዕል ክፍርም ከም ዝኸኣለ ይፍለጥ። ኣሰልጣኒ ዩናይትድ ኤሪክ ተን ሃግ ን ኣባላት ቦርድ ዩናይትድን ኣብ ልዕሊ እቲ ተጻዋታይ ዘለዎም ተገዳስነት ግን ክሳብ ሕጂ ኣይጎደለን ዘሎ። ራብዮት ዝመጽእ ሳምንታት ብዛዕባ መጻኢኡ ምስ ሰብ ስልጣን ጁቬንቱስ ክዘራረብ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ። ጁቬንቱስ ንዓመታ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ምስታፋ ከየረጋገጸ ደማ ኣብ ቱሪን ዘጽንሖ ሓደሽ ውዕል ከም ዘይፍርም ምስታ ጋንታ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ይዛረቡ። ኣርባዕተ ግጥማት ተሪፍዎ ኣብ ዘሎ ውድድር ሰሪ ኣ ኢጣሊያ፡ ጁቬንቱስ ኣብ ሳልሳይ ተርታ'ያ ተቐሚጣ ዘላ። ምህላው ኣሰልጣኒ ጁቬንቱስ ኣሲሚላኖ ኣለርጊ፡ ኣብ መጻኢ ኣድሪያን ራብዮት ወሳኒ ተራ ከም ዘለዎ'ዩ ዝሕበር። እቲ ኣሰልጣኒ ኣብዚ እዋን ካብ መዙኡ ክይባረር ኣብ ጸቕጢ ከም ዘሎ ይገንር። ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ወደዩ 43 ጸወታታት ዘካየደ ኣድሪያን ራብዮት፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ምስ ክለባት ፕሪመር ሊግ ክጻወት ከም ዝደሊ ብዘይቀልዓለም ክገልጽ ጸኒሑ'ዩ። ንሱ ኣብ ታሕሳስ 2022 ኣብ ዝሃቦ ቃል መሕተት “ግጥማት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ምስ ብቕዓተይ ዝሰማማዕ ውድድር'ዩ” ክብል ተሰሚዑ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ማንቸስተር ዩናይትድ ዝመጽእ ክራማት ኣብ ማስመር ምክፍፋል ዝጻወት ተጻዋታይ ክትዕድግ መደብ ከም ዘለዋ'የም ምንጪታት ኦልድ ትራፎርድ ዘረድኡ። ንኣድሪያን ራብዮት ብናጻ ክትረኽቦ ከም ዘዋጽኣ ደማ ይሕበር። ራብዮት ኣብዚ ወቕቲ ኣብ 28 ናይ ሰሪ ኣ ጸወታታት 4 ሸቶታት ከመዝግብ ከሎ፡ 3 ከኣ ሸቶ ዝኾና ኩዕሶ ከም ዝሰርሐ ሰነዳት የረድኡ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ፕሪመር ሊግ

ሰዓት 2:30 ድ/ቀ

ኣርሰናል ምስ በርንማውዝ

ሰዓት 5:00 ድ/ቀ

ብረንትፎርድ ምስ ፉልሃም

በርንሊ ምስ ኒውካስል

ሽፊልድ ምስ ኖቲንግሃም

ሰዓት 7:30 ምሸት

ማንቸስተር ሲቲ ምስ ዎልቭስ

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## "100 ቢልዮን ዩሮ ሓገዝ ንዩክሬን 'ዕብዳን' እዩ" ሃንጋሪ

ኣባል ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ዝኾነት ሃንጋሪ ነቲ ብጸሓፊ ናይቲ ኪዳን - ጀነራል ጆንስ ስቶልተንበርግ ተዳልዩ ዘሎ - 100 ቢልዮን ዩሮ ወተሃደራዊ ሓገዝ ንዩክሬን ክወሃብ ዝጠልብ እማመ ከምዘይትቕበሎ ኣፍሊጣ፡፡

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ'ታ ሃገር ፔተር ዢጃርቶ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ንመከላኸሊ ኩናት ዩክሬን ተባሂሉ ኣብ 5 ዓመታት ክወሃብ ዝሕሰብ ዘሎ ገንዘብ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክሬንን ዘቐጽል ዘሎ ኩናት ካብ ምንዋሕ ሓሊፉ ንሰላም ርግኣትን መላእ ኤውሮጳ ዝዘርግ ሰናርዮታት ከኸትል ከምዝኽእል ብምጥቃስ፡ ሃንጋሪ ነቲ እማመ ከምዘይትድግፎ ሓቢሩ፡፡

"ንመከላኸሊ ኩናት ዩክሬን ተባሂሉ 100 ቢልዮን ዩሮ ሓገዝ ክትስልዕ ምሕሳብ ዕብዳን እዩ፡ ዝበለ እቲ ብዓልስልጣን፡ ሃንጋሪ ናብ ዩክሬን ዝኸይድ ወተሃደራዊ ዕጥቂ ናይ ምልኣኽ ይኹን ንወተሃደራት ዩክሬን ናይ ምስልጣን መደብ ከምዘይብላ ወሲኹ ኣረጋጊጹ፡፡

ብጀነራል ጆንስ ስቶልተንበርግ ዝቐረበ - ከሰን ኣባላት እቲ ወተሃደራዊ ኪዳን 100 ቢልዮን ዩሮ (107 ቢልዮን ዶላር) ንዩክሬን ክዋጽኡ ዝጠልብ እማመ፡ ንኸሰን ኣባል'ቲ ኪዳን ዝኾኑ ሃገራት ተዓዲሉ ከምዘሎ'ዩ ዝገለጸ፡፡

ኩናት ዩክሬን ናብ ሳልሳይ ውግእ ዓለም ከዩምርሕ ስግኣት ከምዘለዋ ብጋህዲ እትገልጽ ሃንጋሪ፡ ዩክሬን ኣባል ኔቶ ንምዃን ንእተቐርቦ ዘላ ሕቶ'ውን ሓንቲ ካብ'ተን ብትሪ ዝቃወማኦ ዘለዋ ሃገራት እያ፡፡




## ቻይና፡ ነፈርቲ እትስከም 'ሓዳስ ወለዶ' ወተሃደራዊት መርከብ ትፍትን

ቻይና፡ ብዙሓት ነፈርቲ ወግእ ናይ ምስካም ዓቕሚ ዘለዋ ሓዳስ ወለዶ መርከብ ውግእ ንፈተነ ከምዘንቀሳቐሰት ተገሊጹ፡፡

መንግስታውያን ማዕከናት ዜናታ ሃገር ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዝሃብኦ ሓበሬታ፡ እታ ምስእ ብምስእ ብወሻጣዊ ዓቕሚ ከምእተሰርሐት ዝሓበሩ ደርማስ ወተሃደራዊት መርከብ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ካብቲ ኣብ ደንደስ ሻንግሃይ ዝርከብ ፋብሪካ መራኽብ ወጺኣ ንፈተነ ተንሳፊፋ ከምዝካ ሓቢረን፡፡

ብመሰረት እተን ማዕከናት ዜና፡ እዛ ፋጂያን ዝተሰምየት ዝተራቐቐ ቴክኖሎጂ ዝዓጠቐት ሳልሰይቲ መርከብ ወግእ፡ ኣስታት 316 ሜትሮ ንውሓትን ልዕሊ 80 ሽሕ ቶን ክብደትን ኣለዋ፡፡

ናይ ፈተነ ግዝኣ ምስ ዛዘመት፡ ኣብ 2025 ኣብ ኣገልግሎት ክትውዕል ምዃና ድማ ይግለጽ፡፡

እንተኾነ፡ ክንደይ ነፈርቲ ኣብ ዝብና ክትጻወር ከምእትኽእል ዝተዋህበ ዝኾነ ወግዓዊ ሓበሬታ የለን፡፡

ሚኒስትሪ ምክልኻል ጃፓን ኣብ ሰነ 2023 ኣብ ዘርግሖ ግን፡ እታ መርከብ ካብ 60 ክሳብ 70 ነፈርቲ ወግእ ክትስከም ከምእትኽእል ኣፍሊጡ ነይሩ፡፡

ቻይና፡ ንፈለማ ግዜ ብወሻጣዊ ዓቕማ ዝሰርሓታ 'ሻንዶንግ' ዝሰመየታ ነፈርቲ ወግእ እትስከም ካልእ ወተሃደራዊት መርከብ'ውን ከምዘላታ ይፍለጥ፡፡ እዛ መርከብ 315 ሜትሮ ንውሓትን 66 ሽሕ ቶን ክብደትን ትውንን፡፡

ብተወሳኺ፡ ካብ ዩክሬን ብኣረጊታ ሸሚታ ዘሐደሰታ 'ሊያኦኒንግ' ዝተሰምየት ካልእ ወተሃደራዊት መርከብ'ውን ከምዘላታ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እታ መርከብ 305 ሜትሮ ንውሓትን 58 ሽሕ ቶን ክብደትን ኣለዋ፡፡ ክልቲኤን መራኽብ ከኣ ኣስታት 40 ነፈርቲ ወግእ ኣብ ዝብን ናይ ምስካም ዓቕሚ ከምዘለወን ይንገረሉ፡፡

ኣብዚ እዋን፡ ቻይና ብደረጃ ዓለም እቲ ዝዓበየ ሓይሊ ባሕሪ ሃገር ከምእትርከብ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡

ብመሰረት እቶም ጸብጻባት፡ ሓይሊ ባሕሪ ቻይና ኣብዚ እዋን ልዕሊ 340 መራኽብ ወግእ ዓጢቑ ኣሎ፡፡

ቻይና፡ ነፈርቲ እትስከም ብኒክሌሳዊ ጸዓት እትሰርሕን ራብዐይቲ ደርማስ ወተሃደራዊት መርከብ ንምምህናጽ'ውን ኣብ ምሸብሻብ ከምእትርከብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ዜና ይሕብሩ፡፡




## ቱርኪ፡ ምስ እስራኤል ዘጸንሓ ንግዳዊ ሸርክና ደው ኣቢላቶ

ቱርኪ፡ ምስ እስራኤል ንዘጸንሓ ኩሉ ንግዳዊ ንጥፈታት ከምዘወዝሐቶ ኣፍሊጣ፡፡

ሚኒስትሪ ንግዲ እታ ሃገር ኣብ ዘርግሖ ሓበሬታ፡ እስራኤል ዘየቋርጽን እኹልን ሰብኣዊ ሓገዝ ናብ ወሽመጥ ቓዛ ክኣቱ ክሳብ ዘፍቅደት፡ እቲ ውሳነ ጸኒዑ ክጸንሕ ምዃኑ ገሊጹ፡፡

ክልተአን ሃገራት ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጥሪት ዋጋ 7 ቢልዮን ዶላር ንግዳዊ ልውውጥ ከምዝተኻየዳ ጸብጻባት ዘመልክቱ፡፡

ድሕሪ'ቲ ውሳኔ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ እስራኤል - ኢዝራኤል ካትዝ "ወልቀ-መላኺ" ክብል ንፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይፕ ኤርዶጋን ዘለፋዎ፡፡

ንሱ ኣብቲ ብመርበብ ሓበሬታ 'ኤክስ' ኣቢሉ ዝሃቦ መልሲ፡ "ኤርዶጋን ንረብሓታት ህዝቢን ነጋዶን ቱርኪ ሸልል ይብልን ንስምምዓት ኣህጉራዊ ንግዲ ይገሲን ኣሎ" ክብል ወሲኹ ከሲሱ፡፡

ቱርኪ፡ ካብ ሃገራት እስላም ቀዲማ ኣብ 1949 ንእስራኤል ከም ሃገር ኣፍልጦ ዝሃበት ሃገር እያ፡፡ ኮይኑ ግና፡ ዝምድና ክልተአን ሃገራት ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ጀሚሩ ከምዝሻሕከረ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡

ብዚ መሰረት፡ ኣብ 2010፡ ደገፍቲ ፍልስጤማውያን ዝኾኑ 10 ቱርካውያን ተሓለቕቲ ብኮማንዶታት እስራኤል ኣብ ጥምጥም ባሕሪ ቓዛ ድሕሪ ምቕታሎም፡ ኣንካራ ምስ ኢየሩሳሌም ንዘበሩ ዝምድና ብኡ ንብኡ ከምዝበተኸት ይዝከር፡፡

ዋላ'ኳ ክልተአን ሃገራት ኣብ 2016 ዝምድናአን ናብ ንቡር ክመልሳ ክኢለን እንተበራ፡ ድሕሪ ክልተ ዓመት እስራኤል ኣብ ዶብ ቓዛ ኣብ ልዕሊ ፍልስጤማውያን ዝፈጸመቶ ቅትለት፡ ዳግማይ ናብ ዲፕሎማስያዊ ምብታኽ ከምዝምርሓን ጸብጻባት ይሕብሩ፡፡



## "ዳግመ-ህንጻ ቓዛ ክሳብ 50 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ክሓትት'ዩ" ው.ሕ.ሃ

ብሸነኺ ደቡባዊ እስራኤል ኣብ ትሕተ-ቅርጺ ወሽመጥ ቓዛ ወሪዱ ዘሎ ዕንወት፡ ካብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ንደሓር እቲ ዝኸፍአ ምዃኑ ተገሊጹ፡፡

ወኪል ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት (UNDP) ኣብ ሃገራት ዓረብ - ዓብደላ ኣል-ዳርዳሪ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ነቲ ወሪዱ ዘሎ ዕንወት ንምሕዋይ 80 ዓመታት ክወስድን ብውሕዱ ካብ 40 ክሳብ 50 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ክሓትትን ምዃኑ ሓቢሩ፡፡

ልዕሊ 70% ካብ ጠቕላላ ኣባይቲ ወሽመጥ ቓዛ ምስእ ብምስእ ዓንዩ ከምዘሎ ዝጠቐሰ እቲ ብዓልስልጣን፡ ቀዳሚ ንጥፈታት ዳግመ-ህንጻ ምጅማሩ እቲ ኣብኡ ዘሎ 37 ሚልዮን ቶን ዝግመት ፍርስራስ ምጽራግ ከድልዮ ምዃኑ ኣረዲኡ፡፡

ንሱ ወሲኹ፡ ብሸነኺ'ቲ እስራኤል ኣብቲ ወሽመጥ እተካይዶ ዘላ ዘየቋረጽ መጥቃዕቲ፡ ደረጃ ሰብኣዊ ምዕባለ ፍልስጤማውያን ኣብ ቓዛ እውን ብ40 ዓመታት ንድሕሪት ተመሊሱ ከምዘሎ ኣመልኪቱ፡፡

ጸብጻባት ከምዝሕብሩዎ፡ ብሸነኺ'ቲ ዝቐጸል ዘሎ መጥቃዕቲ እስራኤል፡ ዛጊት ልዕሊ 34,500 ፍልስጤማውያን ክቕተሉ እንከለው፡ ዝተረፉ ከኣ ንሕሰም ጥሜትን ካልእ መከራን ተቓሊዖም ኣለው፡፡

እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወሽመጥ ቓዛ ንዕጡቓትን በርጌስን ብዝግዕረ ግዳይ ዝኾነ መጥቃዕቲ ከተካይድ ዝጀመረት፡ ዕጡቓት ሓማስ ዝሓለፈ 7 ጥቅምቲ ናብ ዶብ እስራኤል ሰሊኾም ብምእታው ልዕሊ 1,140 ሰባት ቀቲሎም፡ ካልኦት ኣስታት 240 ሰባት ከኣ ጨውዮም ድሕሪ ምኻዶም ምዃኑ ይዝከር፡፡



## ወተሃደራት ሩስያ ናብ ኒጀር ኣትዮም

መንግስቲ ኒጀር ኣብ ሃገሩ ዓስኪሮም ዘጸንሑ ወተሃደራት ኣመሪካ ጠቕሊሎም ካብታ ሃገር ክወጹ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ መተካእታኦም ኮይኖም ዝሰርሑ ኣማኢት ወተሃደራት ሩስያ ናብታ ሃገር ክኣትዉ ከምዝጀመሩ ተሓቢሩ፡፡




እቶም ድሮ ናብ ኒጀር ኣትዮም ዘለዉ ሩስያውያን ወተሃደራት ቍጽሮም እኳ ብልክዕ እንተዘይተሓበረ፡ ኣብቲ መዓስከር ሓይሊ ኣየር 101 ዝተባህለ - ኣመሪካውያን ወተሃደራት ዘለዉዋ ከተማ ኣጋደዝ ይኣትዉ ምህላዎም ምንጭታት ኒጀር ሓቢሮም፡፡

ወተሃደራት ኣመሪካ እውን ኾነ ኣብታ ከተማ ኣብ ዝርከብ መዓስከር ሓይሊ ኣየር 201 ከምዝርከቡ፡ በዚ ድማ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወተሃደራት ዘይምቅዳው ኩይለዓል ስግኣት ምህላዉ እዮም ምንጭታት'ታ ከተማ ዘረድኡ፡፡

ሚኒስተር ምክልኻል ኣመሪካ ሎይድ ኣስቲን፡ ዛጊት ኣቶም ኣብ ኒጀር ዝርከቡ ወተሃደራት ኣመሪካ ዝገጠሞም ጸጥታዊ ጸገማት ከምዘየለ ብምምልካት፡ ንህይወቶም ዘስግእ ዝኾነ ኣጋጣሚ ምስዝፍጠር ግን ሃገሩ ቅልጡፍ ምላሽ ንምሃብ ድልውቲ ምዃና ኣረዲኡ፡፡

ኣብ ኒጀር ኣስታት ሓደ ሽሕ ወተሃደራት ኣመሪካ ከምዝጸንሑን፡ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኒጀር ስልጣን መሪሕነት ድሕሪ ምሓዙ ግን ጠቕሊሎም ክወጹኡ ተሓቲቶም ከምዝነበሩ ይፍለጥ፡፡

እቶም ኣንጻር ግዙረ-ሽበራ ክቃለሱ ተባሂሎም ኣብ ኒጀር ዝርከቡ ወተሃደራት ኣመሪካ ካብታ ሃገር ጠቕሊሎም ንምውጻእ ይቀራረቡ ከምዘለዉን ቦታኦም ድማ ብወተሃደራት ሩስያ ከምዝትካእን መንግስቲ ኒጀር ኣሕፂሩ ኣሎ፡፡

ኣቐድም ኣቢለን ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ሓደሽ ወተሃደራዊ መንግስቲ ዝመስረታ ከም ቡርኪናፋሶን ማሊን ዝኣመሰላ ሃገራት፡ ንምዕራባውያን ወተሃደራት ብምስጓግ ምስ ሩስያ ጥቡቕ ወተሃደራዊን ዲፕሎማስያዊን ዝምድናታት ማስሪተን ከምዘለዋ ጸብጻባት የመልክቱ፡፡

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ጺላክ | 04/05/2024 | ጎደና ገጀረት - 751 ጥቓ ፋብሪካ ፊኖ ቀይሕ ባሕሪ | 188159 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565